
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.185 ዓርቢ 4 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ውጽኢታውያን ዘቤታውያን ፍወሳታት ንነድሪ ሓናት



ገጽ 3
ፍርዲ ፈረንሳዊት ፖለቲከኛ. .


ገጽ 4
"ኣብዚ እዋን ኣካላት ዘግዝፉ. .


ገጽ 9
ኣፍላጋት ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ


ገጽ 11
ወሓዚት ኪዳነ፡ ቀዳመይቲ. . .


# ኤርትራውያን ዲያስፖራ፡ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝዘተየ ሰሚናራት ኣካዪዶም





ኣብ ኢጣልያ - ከተማታት ቶሪኖ፡ ካታንያ፡ ናፖሊን ፓዶቫን፡ ኣብ ተራ ዲያስፖራ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝዘተየ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተኻዪዱ።

ኣብ ቶሪኖን ፓዶቫን ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ብሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል፡ ጸሓፊ ህግደፍ ን/ዞባ ኢጣልያ ኣቶ ክብሮም ሃይለን ኣቦመንበር ማሕበርን ኤርትራውያን ነርስ ኢጣልያ ኣቶ ሚልዮን ኮሜቲን ዝተመርሐ ኮይኑ፡ ንታሪኽን ኣመዓባብላን ጽላት ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን ንዘተመዝገበ ምዕባለታትን ዘሎ ብደሆታትን ዝምልከት ሰፊሕ መረዳእታ ቀሪቡ።

ተመሳሳሊ ሰሚናራት፡ ኣብ ናፖሊን ኣብ ካታንያን ብኣቦመንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህንን ኣቦመንበር መንእሰያት ህግደፍ ኣቶ ሃይለ መድሃኔን፡ ኣብ ካታንያ ድማ ብኣዴ-መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ጨንፈር ኢጣልያ ወ/ሮ ኣልጋሽ ኣበበን ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ኣቶ ኣረፋይነ በራኺን ተኻዪዱ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ዘለዎም ድልውነት ድሕሪ ምርግጋጽ፡ 'ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ' ንምዕዋት ፒዝዘባዊ ወፈያ ከምዝገበሩ፥ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሑና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣቐዲሙ'ውን፡ ኣብ ከተማታት ሮማ፡ ሚላኖ፡ ቦሎኛ፡ ባሪን ፒስካራን ተመሳሳሊ ሰሚናራት ተኻዪዱ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ጅዳ - ስዑድያ ዝርከቡ ኣባላት 'ማሕበር ዋይት' ብ27 መጋቢት ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡ ንጥፈታቶምን ኣወዳድባኦምን ብምግምጋም ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ድሕሪ ዘቕደዎ ዘተ፡ ን'ፕሮጀክት ህንጻት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ' ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

'ማሕበር ዋይት'፡ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ዝነብሩ፥ ሸፋጥ ማለት ኣብ ጽሬት ረሳሕ ፈሳሲ ዝሰርሑ መካይን ዘውንኑ ኣስታት 450 ኤርትራውያን ይሓቝፍ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ዜጋታት፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ተኻፈልቲ ምዕሩይ ዕድላት ንክኾኑ ዝቕደድ ጻዕሪ ብውህደት ክቕጽል፡ ብምሕባር ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም ብ2 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተወደበ መደብ ማዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ "እወታዊ ኣመለኻኽታ ኦቲዝም፡ ኣብ ኩሉ ይሰረጽ" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ጉዑ ሃብተ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ኣብ ልዕሊ ኦቲዝም ዘሎ ድኑት ኣፍልጦ ጠንቂ ኢንታን ኣድልዎን ይኸውን ስለዘሎ ክውገድ፣ ንምምዕባሎምን ምኽባር መሰሎምን ድማ ተግባራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ጸዊዑ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተሰፋጼን ግርማይ ብወገኑ፥ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ወገናት፡ ከም ኩሉ ዜጋ ኣብ ትምህርትን ካልእ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ክሳተፉ፣ ከምኡ'ውን ግቡእ ናብዮትን ክንክንን ክረኽቡ፡ ብንቕሓት ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ድማ፡ እቲ ጉዳይ ንኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ከምዝምልከት ብምጥቃስ፡ ብፍላይ ስድራቤታት ምስ መሻኹኦም ተጸንበርም ንኽቀዋስኡ ብኢጋ ክሕግዝዎም ተላቢዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ 'ኦቲዝም' ዘሎ ድኑት ኣፍልጦ ዝጠንቁ ኢንታን ኣድልዎን ተወጊዱ፥ ንምዕባሎኦምን መሰሎምን ተግባራዊ ስጉምቲ ክውሰድ፡ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልናን ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ብ2 ሚያዝያ ምስ ወለዲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።


ኣቦመንበር ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር መሰላት ኣባላት ብምውሓስ፡ ናብራኦም ንምምሕያሽ፣ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ንምዕባይ፣ ከምኡ'ውን ኢንታን ኣድልዎን ንምውጋድ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዓለማዊ መዓልቲ 'ኦቲዝም'፡ ኣብ ዓለም ንመበል 14፣ ኣብ ሃገርና ድማ ን6ይ ግዜኣ ትዝከር ኣላ።



ስእሊ፡ ተኪኤ ዮሴፍ

## ገዲም ተጋዳላይ መኰንን መልከ ተሰዊኡ



ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ትካል መፍረ መድሃኒት ኣዘል - ገዲም ተጋዳላይ መኰንን መልከ ንብረስላሴ፡ ብ2 ሚያዝያ ኣብ መበል 77 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መኰንን፡ ሓላፊ ኣገልግሎት መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኣብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ውድብ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትካል መፍረ መድሃኒት ከም ሓላፊ ክፍሊ ፋይናንስ ኮይኑ ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ፋርማሲር ከም ዋና ሓላፊ መኽዘን፣ ስዒቡ ድማ ከም ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዳይረክተር ምምሕዳራዊ ኣገልግሎትን 'ኣዘል' ብምዃኑ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ብተወፋይነት ሰሪሑ።

ገዲም ተጋዳላይ መኰንን መልከ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሸድሽተ ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 3 ሚያዝያ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብመስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ተጋዳላይ መኰንን መልከ ንብረስላሴ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፥ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ውጽኢታውያን ዘቤታውያን ፍወሳታታ ንነድሪ ሓናት

ክሊማ ኣብ ዝቀያየረሉ ወቅቲ፡ ዝሓል ጸሓሉ ሙቐት ክጅምር እንከሎ ክሽውን ይኽእል፥ ሓያሎ ሰባት ብፍላይ ህጻናት ጕረሮኦም ክሓሙን መግቢ ምውሓጥ ክኣብዮምን ኣስተብሂልኩም ትኾኑ።

ህጻናት ኣብ ምቅይያር ክሊማ፡ ረኽሲ ጕረሮ፡ ረሽንን ነድሪ ሓናትን ክርእዩ ልሙድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ከፀሚ ኩነታት ኣየር ብዐበዛሒ ባክተርያን ቫይረስን ክራብሑ ምቹእ ስለ ዝኾነ እዩ። መጸናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ብቫይረስ ይኹን ብባክተርያ ኣብ ጕረሮ ዝፍጠር ረኽሲ፡ ረኽሲ ሓናት እዩ ዘማዕብል። ምልክታት ረኽሲ ሓናት ምስ ምልክታት ጕንፋዕ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ከፀሚ ኩነታት ህጻናት ንኽልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ዝቐጽሉ ናይ ምውሓጥ ጸገም ክርእዩ ምስ እንዕዘብ ብቐልጡፍ ፍወሳ ዝረኽቡሉ መንገዲ ክንፈጥር ይግባእ።

ሰሩመዝርዕ ጽክታት ሓናት (tonsils anatomy)

ጽክታት ሓናት፡ ኣብ ክልተኡ ዳሕረዋይ ክፋል ሽንኽ ጕረሮ ናይ ኣፍ ዝርከብ ኣካል ስርዓተ ምክልኻል ሕማም እዮም። እዞም ጽክታት ልክዕ ከም 'ሊምፍ ኖድ' (lymph nodes) ብኣፍና ወይ ብኣፍንጫና ናብ ውሽጢ ሰብነትና ንዝኣትዉ ታህዋስያን ኣጻርዮም ይጉሕፉ። ኣብ ጕረሮና ረኽሲ ንኸይፍጠር'ውን ጸረ-ነፍሳት (antibiotic) የንብዩ። ብኸምዚ፡ ካብ ሕማምን ረኽስን ይከላኸሉ።

'ሊምፍ ኖድ'፡ ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሖም ዝርከቡ ኣገዳሲ ተኣፋፊ መርበብ ሻምብቆ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ደም ካብ ብምልሓሽ ናብ ኩሉ ክፋል ሰብነትና የበጽሕ። ብዘይካ ታህዋስያን ተጠቒዖና ምስ እንህሉ ብመንገዱ መልእኽቲ የመሓልልፍ።

ኣብ እንሓምመሉ እዋን፡ ኣብ ሓንቲ ወይ ክልቲኦን ሓናት ሕበጥ፡ ቃንዛ፡ ረኽስን ናይ ምውሓጥ ጸገምን ክፍጠር ንቡር እዩ። እዚ ቃንዛ ሕዱር ምስ ዝኸውን፡ ተፈዊሱ ክሓድሽ ምስ ዘይክእል፡ ብመጥባሕቲ ከም ዝእለዩ ይግበር እዩ። ኣብ ከፀሚ ኩነታት፡ ሰብነትና ኑቶም ናብ ውሽጢ ክኣትዉ ዝኽእሉ ታህዋስያን ንምክልኻል፡ ካልእ መንገዲ ክናዲ ይግደድ ማለት እዩ።

ጥቕሚ፦ ካብቲ ቀንዲ ዕማም ናይ ሓናት ረኽሲ ምክልኻል እዩ። ሓናት ሓያሎ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ዝሓዛ እየን። ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ሕማም ንምክልኻል ዝሕግዝ ኣካል ደም እዩ። ሓናት ኣብ ኣፍና ኣብ ዝርከብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይ ጕረሮና ሰፈረን ስለ ዝርከባ፡ ብኣፍናን ኣፍንጫናን ናብ ውሽጢ ሰብነትና ታህዋስያን ከይኣትዉ ቡየም ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ይከላኸላ።

ቅርጺ፦ ሓናት፡ ኣብ ቅድሚ ማስተያት ኳንና፡ ኣፍና ብዘየግእ ከፊትና ክንርእየን ንኽእል ኢና። እንቋቝሖ ማሰል ቅርጺ እዩ ዘለወን።

ሕብሪ፦ ሓናት ጥዑያት ምስ ዝህልዋ፡ ርዛ ማሰል ሕብሪ እዩ ዘለወን። ምስ ዝሓማ ወይ ዝረኽሳ፡ ቀይሕ ሕብሪ ይህልወን። ምስኡ ድማ ሕበጥ።

ዓቐን፦ ግዝፈ/ ዓቐን ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይፈላለ እዩ።

* ኖርሲ-ወከፈን ብገምጋም 42.81 ኩቦ ሰንቲ ሜትር ግዝፈ ኣለወን።

* ግዝፈ ሓናት ደቂ ኣንስትዮ ብገምጋም 37.65 ኩቦ ሰንቲሜትር ክበጽሕ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 52.4 ኩቦ ሰንቲ ሜትር ይኸውን።

### ነድሪ ሓናት

ሓናት ኣብ ጕረሮ ዝርከብ 'ጽክታት' እየን። ኣካላትና ዝኾነ መጥቃዕቲን ረኽስን ንኸይገጥሞ ናይ ምክልኻል መኸዝኖ ይጥቀማ። እተን ሓናት ንባዕለን ረኽሲ ምስ ዘጋጥመን እቲ ኩነታት ነድሪ ሓናት ንብሎ።

ነድሪ ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይላባዕ እዩ። ብኣዝዩ ዝተፈላለዩ ልሙዳት ቫይረስን ባክተርያን ድማ እቲ ሕማም ይብገስ። 'ስትረፕቶኮካል ባክተርያ' (Streptococcal bacteria) ሓደ ካብቲ ነድሪ ሓናት ከስዕብ ዝኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ነድሪ ሓናት'ዚ ብኣግኡ ክፍወስ ምስ ዘይክኣል ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ከም ዝፈጥር እዩም ክኢላታት ዘመልክቱ።

ሙብዝሕትኡ እዋን ነድሪ ሓናት ሓሚምና ከም ዘለና ንምፍላጥ ኣይንሽገርን ኢና። ነድሪ ሓናት ብዙሕ ግዜ ዓበይቲታት ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ህጻናት እዩ ዝርአ። ዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ህጻናትን መንእሰያትን ኣይርአን እዩ ማለት ግን ኣይኮነን። ኣብ ሙብዝሕትኡ ኩነታት ነድሪ ሓናት መድሃኒት ብምውሳድን ለውጢ ኣብ ኩነታት ኣነባብራ ኣብ ምክያድን ኣብ ገዛ እዩ ክፍወስ እንዕዘብ።

ነድሪ ሓናት ንምፍዋስ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ዘቤታውያን ፍወሳታት

ነድሪ ሓናት ኣብ ገዛ ብእትገብሮ ክንክንን ብእትወስዶ ዓይነት መግብታትን ክትፍወሶ ይከኣል እዩ። ገለ ዓይነት ነድሪ ሓናት ከቢድ ብምዃኑ ብሕክምና ብዘወሃቦ ክንክን ጥራይ ኩሓዊ ዝኽእል ከም ዝኾነ ግና ክንዘንግዖ የብልናን።

ሓናት ብሰንኪ ባክተርያ ወይ ቫይረስ ብዝስዕብ ረኽሲ እዩ ዝኸስታ። ስለዚ፡ ኣብ ገዛ ጸረ-ባክተርያ ወይ ጸረ-ምቅጻል ባህሪ ዘለዎም ዓይነት መግብታት ብምውሳድ ነቲ ሕማም ክትፍወሶ ይከኣል እዩ። ስዒቡ ነድሪ ሓናት ንምፍዋስ ዝኽእሉ ውጽኢታውያን ዝኾኑ ዘቤታውያን ፍወሳታታ ተዘርዚርዎም ኣለው።

ጨው ብዘለዎ ማይ ጕረሮኻ ምሕጻብ

ጨው ዝተሓወሶ ልብጦ ዝበለ ማይ ተጠቒምካ ጎራዕራዕ ኣብልካ ኣፍኻን ጕረሮኻን ምሕጻብ፡ ብሰንኪ ሓናት ኑቒጹ ንዘሎ ጕረሮ ኣብ ምጥላልን ምጽራይን ቡቲ ሓደ፡ ኣካላትና ኑቲ ረኽሲ ንምቅላስ ከም ዝጥፍ ብምግባር ቡቲ ኻልእ፡ ነድሪ ሓናት ኣብ ምፍዋስ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

ኣብ ሓደ ኩብያ ሻሂ ሓደ ማንካ ጣውላ ጨው ብምሕቃቕ ነዚ ኣገባብ ፍወሳ'ዚ መዓልታዊ ደጋጊምና ክትካየዶ ይከኣል። ኑቲ ጨው ዘለዎ ማይ ክንውሕጦ የብልናን።

### በረድ

በረድ ብሰንኪ ሓናት ንዘለና ቃንዛ



ንምህዳእ ይሕግዝ እዩ። ካብቲ ኣብ ጕረሮ ዝፍጠር ምቅጻል እፎይታ ስለ ዝፈጥር'ውን ጸቡቕ ስምዒት ክህልወና ይገብር።

ኑቲ በረድ ኣብ ጸናዩ ጨርቂ ሸፊንና፡ ኣብ ከባቢ ጸኪ ሓናት ን15 ደቓይቕ ዝኣክል ክትቕምጦ ይከኣል። ኣብዚ ምሉእ ብምሉእ ብኣፍንጫና ኢና ክተተንፍስ ዘለና። ክሳብ እፎይታ ዝፈጥረልና ድማ ነዚ ኣገባብ'ዚ ድሕሪ ገለ ሰዓታት ደጋጊምና ክንዘውትሮ ይከኣል።

### ቀይሕ ሽጉርቲ

ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ክጾኒ መግቢ ንምምቃር ዝህልዎ ጥቕሚ፡ ሓያሎ ሕማማት ኣብ ምፍዋስ'ውን ኣጉዳሲ እዩ። ቀይሕ ሽጉርቲ ጸረ-ምቅጻል ባህሪ እዩ ዘለዎ። ኣብ ርእሱ፥ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ከም ዝቅሕን ዝጥፍን ስለ ዝሁብር፡ ኣብ ግዜ ነድሪ ሓናት ንዝፍጠር ረኽሲ ብቐሊሉ ኩሓዊ ልዑል ግደ እዩ ዘበርክት።

ሓደ ክልተ ማንካ ጣውላ ዝተጣሕነ ቀይሕ ሽጉርቲ ምስ ልብጦ ዝበለ ማይ ሓዊስና ጎራዕራዕ ብምባል ጕረሮና ምሕጻብ። እዚ ንዝተወሰነ መዓልታት ደጋጊምና ክትካየዶ ይከኣል እዩ። ጻዕዳ ሽጉርቲ ሕማቕ ጨና እስትንፋስ ክፈጥረልና ይኽእል እዩ። እንተኾነ ብሰንኪ ነድሪ ሓናት ንዘህልወና ቃንዛ እፎይታ ኣብ ምፍጣር ግና ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ኣይንረስዕ።

### ናይ ቱፋሕ ኣቾቶ

ናይ ቱፋሕ ኣቾቶ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ስርዓት ሰብነትና ስለ ዘሐይል፡ ረኽሲ ኣብ ምፍዋስ ብቑዕነት እዩ ዝጥቀስ።

ፍርቂ ማንካ ጣውላ ናይ ቱፋሕ ኣቾቶ ኣብ ልብጦ ዝበለ ማይ ብምሕዋስ ጕረርና ጎራዕራዕ እናበልና ክንሓጽቦ ይከኣል። ድሕሪ ምሕጻብና ኑቲ ፈሳሲ ክንውሕጦ ኣይምከርን እዩ። ነዚ ኣገባብ'ዚ ንዝተወሰነ መዓልታት ደጋጊምና ክትካየዶ ይግባእ። ኣብ ሓጺር እዋን እቲ ሕበጥ ናይ ነድሪ ሓናት ክዘልቕ ስለ ዝኽእል፡ ምቑእነት ክስመዓና እዩ።

### ቆጽሊ ራሓን

ቆጽሊ ራሓን ልዑል ዝኾነ ናይ ጸረ-ምቅጻል ወህደት እዩ ዘለዎ።

ቆጽሊ ራሓን ምስ ሓደ ማንካ ሻሂ ጽማቝ ለሚን ሓዊስና ኣፍሊሕና ብውዕዩ ከም ሻሂ ክንሰትዮ ይከኣል። ነዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ መዓልቲ ደጋጊምና ብምፍላሕ ክንሰትዮ ተመሪጺ እዩ።

### ዝንጅብል

ዝንጅብል ኣብ ብዙሕ መግብታትና ከም መመቀሪ እንጥቀመሉ ዓይነት ቀመም እዩ። ልዑል ጸረ-ምቅጻል ጠባይ'ውን ኣለዎ።

ሓደ ማንካ ጣውላ ዝተጣሕነ ዝንጅብል፡ ምስ ሓደ ማንካ ጣውላ መዓር ብምሕዋስ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ንሕውሶ። ጎራዕራዕ እናበልና ጕረርና ብምሕጻብ ድማ ኑቲ ፍወሳ ነካይዶ።




### ኣይስ ክሬም

ነድሪ ሓናት ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ ኣይስ ክሬም ምምጋብ ካብ ቃንዛ እፎይታ ይፈጥር እዩ።

ኣብ ገዛ ብዝወሰኽ ክንገብሮ ዝግባእ

- ብዐበዛሒ ፈሳሲ ምውሳድ፡
- ግቡእ ዕረፍቲ ምርካብ፥
- ሙቐት ናይ ገዛ ንምቁጽጻር ንፋስ ከም ዝኣትዎ ምግባር፡
- ሽጋራ ካብ ምትካኽ ምቁጣብ፥
- ዘለካ ቃንዛ ምህዳእ መፀገሲ መድሃኒት ምውሳድ ወዘተ ክንጠቕስ ይከኣል።

ምንጪ፦ medicalnewstoday




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅንያት ዜና

ሸዊት ተኽለ

## ፍርዲ ፈረንሳዊት ፖለቲከኛ ማሪን ላ ፐን

ዝሓለፈ ሰንበት 31 መጋቢት ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጸናዕቲ፡ ንዊሕ እዋን መራሒት ሕሉፍ የማናዊ ሰልፊ ፈረንሳ ኮይና ዘገልገለት ፍልጥቲ ፖለቲከኛ ማሪን ለ ፐን፡ ኣብ 2027 ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፈረንሳ ክሳብ 37 ሚእታዊት ደገፍ ክትረክብ ከምእትኽእል ኣኣንፊቱ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ካብቲ ናይ 2022 ውጽኢት ብልዕሊ 22 ነጥቢ ዝለዓለን ካብ ዘሎ ካልእ ሕጹይ ብ10 ነጥቢ ዝበልጸን ምንባሩ ይሕበር።

"እቲ ኩነታት ብርግጽ ተገልቢጡ ኣሎ" ዝበለ ሓላፊ ዳህሳስ ህዝባዊ ርእይቶ ፈረንሳ ፍረደሪክ ዳቢ፡ እቲ ውጽኢት፡ ለ ፐን ኣብ'ቲ ሰልፊ ዘካየደቶ ከፊላዊ ምትዕርራይ ከምዝሰርሐ መረጋገጺ ምዃኑ ኣብሪሁ። ንሃገራዊ ሰልፊ (NR) ናብ ንቡር ክትመልሶ፡ ካብ'ቲ ወላዲኣ ጂን ማሪ ለ ፐን ኑቲ ተሪር ሕሉፍ የማናዊ ሰልፊ ይመርሖ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲታት ድማ ብኸፊል ክትቅልሶን ከምዝጀመረት ይግለጽ።

ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ለ ፐንን ኑቲ ዳምጋይ ዝኸሰሶ ውድባ - ሃገራዊ ሰልፋን ዓቢ ብድሆ እዩ ገጢምዎም። ለ ፐን እትርከቦም ሸሞንተ ላዕለዎት መራሕቲ ሃገራዊ ሰልፍን ካልኦት 12 ተሓጋገዝቲን፡ ካብ 2004 ክሳብ 2016 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ንሕብረት ኤውሮጳ ዝተሰልዐ ገንዘብ ብምጥፍፋእ ንዝሓለፈ 9 ኣዋርሕ ተኸሲሶም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ቤት-ፍርዲ ፓሪስ ገበነኛታት ኮይኖም ድሕሪ ምርካቦም ንማእሰርቲ ከምእተፈርዱ ዝዝከር እዩ።

ለ ፐን፡ እቲ ኣጠፋፊኣቶ ዝበሃል ዘሎ ገንዘብ ኣብ ውልቃዊ ረብሓኣ ብምውዓላ ዘይኮነ፡ ናብ ካዝና ውድባ ኣመሓላሊፋ ተባሂላ እያ እቲ ንኣርባዕተ ዓመታት ንኽትፍረድ ዝገበራ ክሲ ቀሪቡላ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እታ ፖለቲከኛ ኣብ 2027 ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከይትወዳደርን ንዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት ድማ ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ከይትሳተፍን ኣጊዱዋ ኣሎ።

ብ1968 ዝተወልደት ማሪን ለ ፐን፡ ጠበቓን ፖለቲከኛን ብምዃን ንዊሕ ዓመታት ዘገልገለት ኮይና፡ ኣብ 2012፡ 2017፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2022 ንፕረዚደንትነት ተወዳዲራ ምንባራ ይፍለጥ። ካብ 2011 ክሳብ 2021 ኣብ ዝነበረ እዋን ድማ፡ ንወላዲኣ ብምትካእ መራሒት ሃገራዊ ሰልፊ ፈረንሳ ብምዃን ሰሪሓ።

መራሒት ናይ'ቲ ሰልፊ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ውድባ እተካይዶ ዝነበረት ምትዕርራያት፡ ኣብ 2015 ኑቲ ተሪር ሕሉፍ የማናዊ ኣጠማምታ ዝነበሮ ወላዲኣ ከይተረፈ ካብ'ቲ ንሳ ትመርሖ ውድብ ከምዝባረረቶ'ውን ጸብጻባት የመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ ንሕብረት ኤውሮጳ ቡቲ ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዝኽተሎ ፖሊሲ፡ ከምኡ'ውን ቡቲ ንዩክሬን ክህቦ ዝጸንሐ ዘይተኣደነ ፊናንሳዊ ደገፍ ብትሪ ክትነቕፎ ጸኒሓ እያ።

ይኹን'ምበር፡ ነታ ተሰኣ ከምዝነበራ ብዝተፈላለዩ ወገናት እትጥቀስ ፖለቲከኛ፡ ቤት-ፍርዲ ብማእሰርቲ ክትቅጻዕ ምውሳኑ ንደገፍታ ኣቖጢዑ ኣሎ።

ደገፍቲ ለ ፐን፡ ኑቲ ጉዳይ "ፖለቲካዊ መጥቃዕቲ" ክብሉ ክነቕፉዎ እንከለዉ፡ ተቓወምታ ግን፡ እቲ ስጉምቲ ስርዓት-ፍትሒ ፈረንሳ ናጽነት ከምዘለዎ ከምዘመልክት እዩም ዝምጉቱ።

ኣብ ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ዝተሰልዐ ገንዘብ ኣብ ዘይመዓልኡ ምብኻን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሰፊሕ'ኳ ተራእዩ እንተነበረ፡ ውሑዳት ጉዳያት ጥራይ ግን ናብ ቤት-ፍርዲ ከምዝቐረቡ እዩ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ።

ወዲ 29 ዓመት ፕረዚደንት ሃገራዊ ሰልፊ ጆርዳን ባርዴላ፡ ንፍርዲ ለ ፐን 'ዲሞክራሲያዊ ዕንደራ' ብምባል፡ እቲ ስጉምቲ ደይ-መደይ ኢልካ ዝተወሰደን ካብ ዕልዋ መንግስቲ ድማ ፈሊኻ ክርአ ከምዘይክእልን ሓቢሩ።

ፍርዲ ለ ፐን ተግባራዊ እንተኾይኑ፡ ባርዴላ ቀጻሊ ሕጹይ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ሰልፊ ብምዃን ኣብ ዝመጽእ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፈረንሳ ክሳተፍ ተኽእሎ ኣሎ።

እቲ ፍርዲ፡ ንፈረንሳ ናብ ተወሳኺ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ክደፍኣ ከምዝኽእል ድማ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቕርበት ዘለዎም ወገናት የጠንቅቑ ኣለው።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ለ ፐን ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2027 ንኸይትሳተፍ ንዝኽልክል ፖለቲካዊ ውሳኔ ቤት-ፍርዲ ፈረንሳ ብምቅዋም፡ እቲ ፍርዲ ንዲሞክራሲ ፈረንሳ ዝጻረር ምዃኑ ሓቢራ።

ብተወሳኺ፡ ጉዳይ ለ ፐን ኣህጉራዊ ኣተኩሮ ስሒቡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዝተፈላለዩ ፖለቲከኛታትን ፍሉጣት ሰባትን ንለ ፐን ዘለዎም ደገፍ የስምዑ ኣለው። ለ ፐን እውን ኣንጻር እቲ ዝተዋህባ ብይን ናይ ይግባይ ሕቶ ከምእተቕርብ ኣፍሊጣ ኣላ።

በዚ ናይ ዝሓለፈ ሰኑይ ፍርዲ፡ ለ ፐን ምስ ካልኦት ብፊናንሳዊ ገበናት ዝተኸሰሱ ፍሉጣት ፈረንሳውያን ፖለቲከኛታት ዝሓቖፈት ጉጅለ ተጸንቢራ ኣላ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንፍርዲ ለ ፐን ሰዒቡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ለ ፐን፡ ፕረዚደንት ንምዃን ልዑል ተኽእሎ ዘለዋ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ምርጫ እያ ነይራ፣ ግን ከኣ ሕጂ ንሓሙሽተ ዓመት ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ከይትሳተፍ ተኣጊዳ ኣላ፡ ስለዚ ፈረንሳ ዝ'ያ ትመስል" ብምባል፡ ንኩነታት እታ ፖለቲከኛ ምስቲ ንሱ ቅድሚ ዳግማይ ስልጣን ምሓዙ ኣጋጢምዎ ምስ ዝነበረ ብድሆታት ብምትእስሳር ገሊጹዎ።

ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ክረምሊን ድሚትሪ ፔስኮቭ ብወገኑ፡ "ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሃገራት ኤውሮጳ ንደሞክራሲያዊ ቅጥዒታት ዝጥሕስ መንገዲ ይኽተላ ኣለዋ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንለ ፐን ዝተዋህበ ፍርዲ ዘለዎ ኩሬ ኣስሚዑ።



## መጻኢ ሕሉፍ የማናዊ ሰልፊ ፈረንሳ

መጻኢ ናይ'ቲ ሰልፊ ኣብ ዘቐጽል እዋን ዝርአ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ከም ቀንዲ ዛዕባ ዝለዓል ዘሎ ግና፡ ኑቲ ለ ፐን ከተበግሶ ምዃና ዝገለጸ ዘሎ ናይ ይግባይ ሕቶ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ንሳ ትመርሖ ውድብ ሃገራዊ ሰልፊ ኑቲ ብቐዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ፍራንስዋ ባይሩ ዝምራሕ ልፍንታዊ መንግስቲ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ምስዓር ፈተነ ብምክያድ ሕነ ክፈዲ ደዩ? ዝብል ሕቶ እዩ።

እዚ ድማ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ሓድሽ ባይቶኣዊ ምርጫታት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሃገራዊ ሰልፊ ጉዳይ ኮይኑ ብምህላው፡ ገጢምዎ ዝሎ ብድሆ ተጠቒሙ ኣብ ባይቶ ዘለዎ ዓብላልነት ከሐይሎ ከምዝኽእል ተንተንቲ ፖለቲካ ይእምቱ።

ብተወሳኺ፡ ለ ፐን ናብ ቤተ-መንግስቲ ኤሊዘ ከእትዋ ዝኽእል ናይ ይግባይ ሕቶኣ እንተዘይተዓዊቱ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ መራሒ ሃገራዊ ሰልፊ ዘሎ ጆርዳን ባርዴላ፡ ከም መተካእታ ሕጹይ ፕረዚደንት ክጸዋዕ ይኽእል እዩ።

ባርዴላ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝለዎ ተፈላጥነትን ኣብ መንእሰያት ፈረንሳ ዝለዎ ተፈታውነትን ብምጥቃም ድማ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ውድድር 2027 ክዕወት ከምዝኽእል ገለ ወገናት ይጠቕሱ።

ይኹን'ምበር፡ ደገፍ መንእሰያት ናብ ጭብጢ ድምጺ ምቕያር ኩሉ ግዜ ተግባራዊ ክኸውን ከምዝይክእል ዝምጉቱ ካልኦት ወገናት፡ ዝያዳ ምኩራትን ፍሉጣትን ኣባላት ናይ'ቲ ሕሉፍ የማናዊ ሰልፊ'ውን ንውድብም ወከሎም ንፕረዚደንትነት ናይ ምውድዳር ዕድል ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ይሕብሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ፍርዲ ኣብ ፈረንሳ ዘይምርግጋእ ከለዓዕል ከምዝኽእል ስግኣቶም ዝገልጹ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ፖለቲካ፡ ሰልፊ ለ ፐን ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ዝለዓለ ድምጺ ዘውንን ብምዃኑ፡ ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን ዝመርሖ ዘሎ ማእከላይ መንግስቲ ብሓገዝቲ ኣካላት ክእለ ከምዝኽእል ይግልጹ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ እቲ ቀንዲ ስግኣት ደገፍቲ እቲ ሰልፊ ኮይኑ ዘሎ፡ እቲ 50 ዓመት ዘቑጸረ ውድብ ሃገራዊ ሰልፊ፡ ንመጀመርታ ግዜ ብዘይ ኣባላት ስድራ ለ ፐን ንፕረዚደንታዊ ውድድር 2027 ክመይ ይዳሎ ዝብል እዩ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይ ቀጥታ |
| 15:30 | ፊልም ሳቦ ብኮህ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጣዕሙ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ጉጅለ ባህሊ ሚሬስ 2ይ |
| 18:25 | ዕላል ምስ ተዋሳእቲ ፊልም ዕርፊ |
| 19:20 | እትመትሲት-ኑም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዘሞም |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## "ኣብዚ እዋን ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት፡ ምሒር ኣሻቓልቲ ይኾኑ ኣለዉ" - ፋርማሲስት ሄቨን ዮሃንስ

ሄቨን ዮሃንስ ትበሃል፡፡ ኣብ ሃገራዊ ቀጻጸሪ መድሃኒትን መግቢን ሚኒስትሪ ጥዕና ኣሃዱ ፋርማኮቪጂላንስ (Pharmacovigilance)፡ ብደረጃ ፋርማሲስት ተመዲባ ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት እትርከብ መንእሰይ እያ፡፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ከባቢና ይኹን ሃገርና ሓሓሊፉ ክረአ ጀሚሩ ኣሎ ንዝበሃል ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒትን ካልእን ህዝቢ ክንመሃረሉ ኣለዎ' ብምባል፡ ምያዊ ሓበሬታኣ ክትህበና ዓዲምናያ ኣለና፡፡




***ሕቶ - ብቐንዱ መድሃኒት ክበሃል እንከሎ እንታይ እዩ?**

መድሃኒት ክበሃል እንከሎ፡ ብመሰረት መግለጺ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ናብ ኣካላት ደቂ ሰብ ወይ እንስሳ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ማለት ብኣፍ፡ ብመርፍእ፡ ኣብ ኣካላት ብዝልከን ካልኦት ዝተፈላለዩ መንገዲታትን ኣትዩ ሕማም ንምፍዋስን ንምክልኻልን ወይ ንጸረታ (ድያግኖሰስ) እንጥቀመሉ እዩ፡፡ ዝኾነ ኬሚካላዊ ወይ ባዮሎጂካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ነዚ ዕላማዚ ዘገልግል ባእታ፡ መድሃኒት ኢልና ንጽውዖ፡፡ ብሓፈሻ ኩሉ ሻብ፡ መድሃኒት ፈዋሲ መርዚ እዩ ኢና ንብል፡፡ ፈዋሲ መርዚ ማለት ሕጂ በቲ ዝግበኦ ዓቐንን ኑቲ ዝግበኦ መቓን ግዜን እንተ ደኣ ወሲድናዮ፡ ኣገዳሲ ጠቓሚን ፈዋሲን እዩ፡፡ ካብቲ ዝተበሃለ ዓቐንን ግዜን ወጻኢ እንድሕር ወሲድናዮ ግዳ ክሳብ ናብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሓያል ሳዕቤንን ሓደገን ዘለዎ መርዛም ትሕዝቶ ዘውንን ባእታ እዩ፡፡

***ሕቶ - ናብ ሃገርና ክኣትዉ ዝፍቀደሎም መድሃኒታት ከመይ ዝበሉ እዮም?**

ኣብ ሃገርና ኣብ ሚ/ሪ ጥዕና፡ ሃገራዊ ቀጻጸሪ መድሃኒትን መግብን ዝበሃል ኣሃዱ ኣሎና፡፡ እዚ ከኣ ኑዮም ናብ ሃገር ክኣትዉ ዝተፈቐደሎም መድሃኒታት እቲ ዝግብኦ ናይ ምመያን ምቁጽጻርን መስርሕ ገይሩ፡ ኑቲ ፈዋስነቶምን ጠቓምነቶምን ኣረጋጊጹ 'ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ክውዕሉ ብቑዓት እዮም' ኢሉ ዝኣመነሎም መድሃኒታት ናብ ሃገር ክኣትዉ ይፈቅድ ማለት እዩ፡፡ ጎደኒ ጎደኒ እዚ ድማ ክፍሊ ፋርማሲታካዊ ኣገልግሎት ሚ/ሪ ጥዕና ዘዳለዎ ሕጋዊ ዝርዝር (ሊስት) ናይቶም ኣብ ሃገርና ክኣትዉን ክፈርዩን ዝተፈቐደሎም መድሃኒታት ኣሎ፡፡ ስለዚ መድሃኒታት ናብ ሃገር ክኣትዉ እንከለዉ፡ ትም ኢልካ ዘይኮነ ብዙሓት መስርሓት ሓሊፎም እዮም ዝኣትዉ፡፡ ኣብ ሃገርና ብዓቕምና እነፍርዮም መድሃኒታትን'ውን ካብዚ መስርዒ ዝወጹ ኣይኮኑን፡፡

***ሕቶ - እዚ ኣሃዱ ብኸመይ ኑቲ ናይ ምሕላይ መስርሕ የካይዶ?**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ፡ እቲ ዝምልከቶ ክፍሊ ሚ/ሪ ጥዕና ሕጋዊ ዝርዝር ናይ መድሃኒታት ምስ ኣውጽአ፡ እቲ ሃገራዊ ዓዳጊ ኣካል (ፋርማኮር) ድማ ካብዚ ዝርዝር እዚ ተበጊሱ ነቶም መድሃኒታት ይዕድጎም፡፡ ሃገራዊ ቀጻጸሪ መድሃኒትን መግብን ሚ/ሪ ጥዕና ኑዮም መድሃኒታት ግቡእ ምመያን ናይ ላቦራቶሪ ምርምርን ይገብረሎም ማለት እዩ፡፡ እዚኦም 'ብቑዓትን ውሑሳትን' እዮም ድሕሪ ምባሉ፡ ናብ ሃገር ክኣትዉ ይኽእሉ፡፡ መድሃኒታት ኣብ መዓላ ጥቕሚ ህዝቢ ምስ ወዓሉ'ውን ዝተፈላለዩ ጉድናዊ ሳዕቤናትን ካብ ትጽቢት ወጻኢ ባህርያትን ከየርእዩ ግቡእ ዝኾነ ምክትታል ይግበረሎም፡፡ እዚ ማለት መድሃኒት ቅድሚ ኣብ ዕዳጋ ምውዓሉን ኣብ ተጠቀምቲ ህዝቢ ክሳብ ዝለወሉን ዕቱብ ዝኾነ ናይ ምጽጻይ መስርሕ ይካየደሉ፡፡

***ሕቶ - ካብ ዝሓዘናዮ ኣርእስቲ ከይወጻእና፡ ሪቡሓታት መድሃኒት እንተትገልጽልና? ብግቡእ እንተ ደኣ ዘይተጠቐምካሎም'ከ እንታይ ዓይነት ጉድኣት እዩ ዘለዎም?**

ከምቲ ኣቐድም ኣቢልና ዝጠቐስናዮ፡ መድሃኒት ፈዋሲ መርዚ እዩ፡፡ እዛ ኣጕልጻ እዚኣ ንኹሉ ከተጠቓልለልና ትኽእል እያ፡፡ መድሃኒት ኬሚካላውን ባዮሎጂካውን ትሕዝቶ ዘለዎ ባዕዳዊ ነገር እዩ፡፡ ባዕዳዊ ነገር ናብ ኣካላትና ይኣቱ፡ ክሳብ ዝዘለወ ከኣ ዝኾነ ለውጢ ኣብ ኣካላትና ከይገበረ ኣይወጽእን እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾነ፡ እዚ መድሃኒት'ዚ በቲ ዝግበኦ ዓቐንን ከምቲ ዝተባህለናን ገይርና ክንወስዶ እንከለና፡ እቲ ዝድለ ለውጢ የምጽእ፡፡ እዚ እንታይ ማለት'ዩ? እቲ ሰብ ካብቲ ሕማም ክፍወስ ይኽእል፡ እቲ ሕማም ንኸይመጽእ ንምክልኻል ንህቦ እንተ ደኣ ኣሎና ኬንና ኸኣ፡ ናይ ምክልኻል ስርሑ ብግቡእ የካይድ ማለት እዩ፡፡ ካብዚ ወጻኢ ክንወስዶ እንከሎና፡ ከምቲ ዝበልናዮ ባዕዳዊ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ኣትዩ ክሳብ ናብ ሞት ዘብጽሕ ቀታልን ሓደገኛን ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ፡፡ ጥቕሚ መድሃኒት እንተ ደኣ ኢልና ግዱ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ መድሃኒት-መድሃኒት እዩ፡ መሕወይን ፈዋስን እዩ፡፡

**ሕቶ - ከመይ?**

ከም ኣብነት ክኸውን፡ ጸረ-ታህዋስያን ዝበሃሉ መድሃኒታት ብልምዲ ናይ ረኽሲ ኢልና እንጽውዖም፡ ቅድሚ 1940'ታት ብብዝሒ ኣብ መዓላ ኣይነበሩን፡፡ ቅድሚ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ኣብ ጥቕሚ ምውዓሎም ዝነበረ እዋን፡ ዓለም ከመይ ነይራ እንተ ደኣ ኢልና፡ ኣዝዮም ቀለልቲ ናይ ረኽሲ ሕማማት፡ ህይወት ኣሽሓት ሰባት ይወስዱ ነይሮም፡፡ የግዳስ እዞም መድሃኒታት እዚኦም ምስ ተረኽቡ (ብፍላይ ምስ ምዕባለን ቴክኖሎጅን፡ መድሃኒታት ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ብዝቐረጠወ መንገድን ክትሰርሓሉ ኣብ እትኽእል ደረጃ ተበጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን)፡ እዞም ሕማማት ነቢረ'ያ ነበረ ኩይኖም እዮም፡፡ ብሰንኪ ረኽሲ ዝጠፍእ ዝነበረ ሚእልያ ዘይብሉ ህይወት ደቂሰብ፡ ኣብዚ እዋንዚ ዳርጋ ታሪኽ ኩይኑ ኣሎ፡፡ ስለ'ዚ ብሓጺር ጥቕሚ ናይ መድሃኒት በዚ ክንገልጾ ዝጸናሕና ኣብነት ብቐሊሉ ክርዳእና ይኽእል እዩ፡፡

*** ሕቶ - ከሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣካላት ደቂሰብ ዘግዝፉ መድሃኒታት ኣለዉ. ደብዳብ እዮም፤ ከመይ ማለት እዩ? ብኸመይ እዮም'ከ ኣካላት ከግዝፉ ዝኽእሉ?**

ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት፡ ለሚ-ለሚ ብዕላል እውን ብዙሕ ግዜ እንሰምዖ ዘለና እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና'ውን እናተቐላቐለ ዝመጽእ ዘሎ ተርእዮ እዩ፡፡ ኣብዞን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራትን ኣብዞን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ዳርጋ ኣዝዩ ኣሻቓልን ካብ ቀጻጸሪ ወጻኢን እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ዛዕባ እዩ፡፡ መስርሕ ናይዞም ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

***ሕቶ - እዞም ክገዝፉ ዝድለዩ ኣካላት ደቂሰብ ኣየኖት እዮም?**

እቶም ብተደጋጋምን ብብዝሒን ክገዝፉ ዝድለዩ ኣካላት ደቂሰብ



ኣጥባት፡ ከናፍር፡ ከምኡ'ውን መቐመጫ ኩይኖም፡ ብብዝሒ ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ይረኣዩ፡፡ እዚ ብዝተፈላለዩ ኣገባብት እዩ ዝፍጸም፡፡ ሓደ ብመልክዕ መጥባሕቲ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ካብ ሰብኢ ዘለዎም ክፋል ኣካላት፡ ኑቲ ሰብኢ ብመጥባሕቲ ገይርካ ብምውሳድ ናብ'ቲ ክገዝፍ ተደልዩ ዘሎ ኣካላት ከም ዝኣቱ እትገብሮ እዩ፡፡ ካልኣይ ኣገባብ ናይ መጥባሕቲ'ውን ኣሎ፣ ሰሊኮን ዝበሃል ቀመም (ጀል) ዝሓዘ ከረጺት (ሳንጣ) ናብ'ቲ ክገዝፍ ተደልዩ ዘሎ ክፋል ኣካላት ብመጥባሕቲ ከም ዝኣትዉ ይግበር፡፡ ንኣብነት ኣጥባታ ክተግዝፍ ዝደለየት ጓል-ኣንስተይቲ ብመጥባሕቲ እዚ ሰሊኮን ዝበሃል ጀል ወይ ሰሊኮን ዝመልአ ከረጺት ናብቲ ኣካላታ ይኣቱ'ሞ፡ ከምቲ ደልያቶ ዘላ ዓቐንን ቅርጺን ከም ዝሕዝ ይገብሩ ማለት እዩ፡፡ ካብ መጥባሕቲ ወጻኢ'ውን መድሃኒታትን መወጋእታ (ሳፕሊመንትስ)ን ብመልክዕ ከኒና፡ መርፍእ፡ ኣብ ቆርበት ዝልከዩ ክሬማት ወዘተ ተዓልየም ብዝተፈላለየ መስርሓት ኑቲ ክፋል ኣካላትና ከም ዝገዝፍ ይገብርዎ እዮም፡፡ ከም ኣብነት ክኸውን፡ ቅድሚ ገለ እዋን ኣብ ደምሲ ፖሊስ ኤርትራ ከም ዝተኸታተልናዮ፡ ኣካላት ከግዝፉ ተባሂሎም ናብ ሃገርና ክኣትዉ ዝተታሕዙ መድሃኒታት ነይሮም፡፡ እተን ንዕኡ ዝወሰዳ ዘጋታት'ውን ብዘዕበ'ቲ ዘጋጠመን ዝተፈላለየ ጉድናዊ ሳዕቤን ኣብ ድምጺ ፖሊስ ቃለ ምስክርነተን ክም ዝሃባ ይፍለጥ፡፡

እዚኦም ሕጂ እንታይ እዮም፡ መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም፡፡ መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ክንብል እንከለና ኣብ ሕክምና ብእንግሊዝኛ 'ኦፍ ለበል ዩዝ' እንብሎም እዮም፡፡ እቲ መድሃኒት ካብ'ቲ ተባሂልዎ ዘሎ ዕላማ ወጻኢ

ንኻልእ መዓላ ክትጥቀመሉ እንከለኻ እዩ፡፡

***ሕቶ - መታን ንህዝብና ንጹር ክኸውን፡ እዞም መድሃኒታት ብኸመይ እዮም ኣካላት ዘግዝፉ?**

እዞም ኣብ ሃገርና ተታሒዞም ዝበልናዮም መድሃኒታት ብኸመይ እዮም ኣካላት ዘግዝፉ እንተ ደኣ ኢልና፡ ከም ጉድናዊ ሳዕቤን ናቶም፡ ሽውሃት ብብዝሒ ይኸፍት፡፡ ሽውሃት ኣመና እንተ ደኣ ተኸፊቱ ከኣ እታ ንዕኡ እትጥቀመሉ ዘላ ጓል-ኣንስተይቲ ብብዝሒ ክትምገብ ክትግደድ እያ፡፡ ብብዝሒ መግቢ ከተህልኽ ምስ ተገይደት ድማ እቲ ኣካላት ክገዝፍ ባህርያዊ እዩ፡፡

**- ሕራይ ቀጽሊ፡፡**

እዞም ዝጠቐስናዮም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታትን ሳፕሊመንትስን ኣለዉ፡፡ ኣካላት ዘግዝፉሉ መስርሕ ድማ ካብን ናብን ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ገለ'ውን ብልክዕ ብኸመይ መስርሕ እዮም ኣካላት ዘግዝፉ ብንጹር ዘይፍለጡ ኣለዉ፡፡ እቲ ኣሰኻፊ ዝገብሮ ግዱ ብዙሓት ካብዚኦም መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ስለ ዝኾኑ እዩ፡፡ እቲ መድሃኒት እቲ ከኣ ንኻልእ ዕላማን ሕማም ንምፍዋስን ኣልና ክንወስዶም ዝግቦኦና እዩ፡፡ ስለ'ዚ ዝኾነ ዓይነት ሕማም ከይሓመምና ኣካላት ክግዝፍ ንወስዶም ክሳብ ዝሃለና፡ ካብ'ቲ ንሶም ክስዕብዎ ዝኽእሉ ጉድኣትን ሓደጋን ሓራ ክንከውን ኣይንኽእልን፡፡

***ሕቶ - ጉድናዊ ሳዕቤን ናይዞም ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት እንታይ እዩ?**

ጉድናዊ ሳዕቤን ናይዞም ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት ዝተፈላለዩ እዩ፡፡ ብመጥባሕቲ ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታት ዝተፈላለዩ ሳዕቤናት የኸትሉ፡፡ ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ረኽሲ፡ ምዕናው ኣካለታት (ቲሹታት)፡ ቁጥዐ፡ ሕበጥ፡ መድመይቲ፡ ቃንዛን ዘይምችኣትን ለውጢ ኣብ ስሚታት ከናፍር፡ ኣጥባት፡ ምፍንጃር ወይ ምዝራቕ ኣብ ውሽጢ ኣጥባት፡ ምዕናው ጸላም ከብዲ፡ ሕማም መሻርዮ ወዘተ የስዕቡ፡፡

ብዘይካ ኣካላት ዘግዝፉ መድሃኒታትን ተወሳኺቲ ሳፕሊመንትስን ንሱ'ውን በዓል ረኽሲ፡ ምዕናው መትንታት፡ ቁጥዐ፡ መድመይቲ፡ ሕበጥ፡ ቃንዛን ዘይምችኣትን፡ ምዕናው ጸላም ከብዲ፡ ሕማም መሻርዮ፡ ወጽኣት፡ ምምዛብል ማጠን ሽኮር ኣብ ደምን ጸቕጢ ደምን፡ ምምዛብል ኣብ ስርዓት-ፍርያምነት፡ ... ከስዕቡ ይኽእሉ፡፡ ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ እንወስዶም መድሃኒታት ብምርጻም ናብ ዘይተደልየ ጥዕናዊ ሓልክታት ከምርሑ ይኽእሉ፡፡

ይቕጽል...






# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ዝኽርን ድያርን ዋርሳይት

5ይ ክፋል፥

*ኣብ ራብዓይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ውግእ እግሪ መኸል ብዓወት ሰራዊት ኤርትራ ተዛዚሙ ወጻኢት ደማዊ ጥምጥም ውግእ ሰለስተ መዓልቲ ንምዕዛብ ብዙሒ በጺሕቲ ናብቲ ቦታ ከም ዝውሓዙ፣ መምህር ኣስቴር ትርጓብ ጋንታ ዓዋተ ደማ ቢታ ዘሊታ ትሕዝቶ ኢጋይሽ ተቐቢላ ከም ዝኣንገደት፣ ኣብ መወዳእታ ክ/ሰራዊት 38 ጠቕሊላ ናብ ግንባር መረብ ሰቲት ከም ዝምርሐትን ኑቲ ናብ ተኽምብየ ንምእታው ኣንጻር ኮር 161 ከቢድ ውግእ ክካየድ ዝጸንሐ ሓይሊ ጸላኢ ምስ ካልኦት ኣሃዱታት ብምኳን ጼፊዓ ናብ ሸሸቢት ከም ዝመለሶዖን ተረኺ ነይሩ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፥*

ኣብ ሸሸቢት፡ እቲ ምትህልላኽ ዝበዝሖ ውግእ ደው ኣይበለን። ጸላኢ ክሳብ ሸሸቢት'ኳ እንተተደፍኡ ብዕለት 22 እውን ከቢድ ግጥም ወዓሉ። ጸላኢ ዓቕሚ ሰራዊትን ኣጸዋርን ስለ ዝደረቡ ብዕለት 23 ኑቲ መጥቃዕቲ ብዘተዓጸጸፈ ደረጃ ኣሰፊሑ። ምስ ከምዚ ዝበለ ጸቕጢ ቅርጺ መከላኸሊ ቦታ ናይቲ ከባቢ እውን ንሰራዊትና ኣይሓገዞ። ጸላኢ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝበርኾ ናይ ዕጥቅን ዓቕሚ ሰራዊትን ጽብለልታ፡ ንመስሎ'ኺ ዘበልግል ሃጓፋትን ጣቕታትን ስለ ዝረኸበ ብኸሲትና ክዝርመና ጀመረ። ንኸጉታትን ኣሰሊልፉ ጸላእን ኣብ ግምት ዘእተዉ ሓለፍቲ ሰራዊት ወገን ድማ ንድሕሪት ክብዝልቕ ወሰኑ።

ኮጉታት ከም ዝተቐየረን ናይ ምዝላቕ መደብ ከም ዘሎን ዘረጋገጸ መራሒ ሓይልና ተኽለይ፡ ክደኽምኺ እየን ኢሉ ንዘዘምገመና ገለ ኣባላቱ ጸዊዑ፥ "ንሕና ውጉኣት ሒዝክን ውጽኣ" ብምባል ኑዩም ብእግርም ዝኸዱ ብጾት እናሓገዝና ናብቲ መኪይን ዝሓልፉሉ ማስመር ክንሓልፍ ኣዘዘና። ብወገና፡ "ፍጹም!" ኢልና ኣበና። ምኽንያቱ እቶም ውጉኣት ብጾት ንሓድሕዶም እናተሓጋገዙ ክኸዱ ዝኽእሉ ክነሶም ንዓና ምስኣቶም ክንወጽእ ምሕቡሩ ካብ ሓልዮት ዝቐለ ምኽኑ ስለ ዝተረድኣና። "ካብ ብጾትና'ኮ ኣይንበልጽን ኢና!" ኢልና ክንኣብዮ ፈተንና። "ኣዘዙክን ኣለኹ ግዜ ኣይተጥፍኣለይ! ንውጉኣት ሓግዝኦም፡ ምስኦቶም ውጻ" ምስ በለና ግን ከምቲ ዝበለና ኑዩም ብጾት እናሓገዝና እናሳለና ናብቲ ሰፊሕ ጸርግያ ወጻእና።

ኣብቲ ወሰን ቀጣቕጢ ኣዕሪፍና ንውጉኣት ዝማልኣልና መኪይን እናተጸበና፡ ማይ ንሰራዊት ዘቐርብ ቦጣት ብደብዳብ እናተሳሕታ ይመላለሳ ነበራ። ኣብ ከምዚ ከለና ሓንቲ 10ታት ቀሰላት ዘሰፈረት ብኣቕጽልትን ጭቃን ዝተመሳሰለት ማርቸደስ ደበኽ በለትና። መራሒ መኪና ድሮ ውጉኣት ከም ዝሓዝና ስለ ዝረኣየና ኣብ ጥቓና ደው በለ። ኑዩም ምሳና ዝበሩ ውጉኣት ኣሰቂልና ንሕና ናብቲ ቀንዲ ዓውደ-ውግእ ክንምለስ ወሰንና። ግን ኑቲ ኮጉታት እንተተ ዓዘብናዮ ናይ ወገን ሰራዊት የዝልቕ ነበረሞ ሓሳብና ሰሪዝና ብእግርና ክሳብ ጀርባት (ሕክምና ባጦሎኒና) በጺሕና። ኣብኡ፡ ዓቕምና ዝፈቕዶ ምስ ሓኪይም ባጦሎኒና ውጉኣት ኣብ ምእላይን ናይ መጎብሮ ነገራት ኣብ ምቕራብን ክንተሓጋገዝ ወዓልና።

ኣብቲ ዕለት'ቲ ጎልጎል ጀርባት ናይ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት መናኣርያ ኮይኑ። ኣብቲ ቦታ ዓቢ ሓጸቢ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ በብምኽንያቱ ዝተኣከበ ሰራዊት ክዳውንቱን ኑብሱን ክሓጽብን ክሕጸብን ወዓለ። ኣብ ኩናት ተጸሚዱ ዝቐጸ ሰብ ትንፋስ ሰኸዐ። ንሕና'ውን ናይ ውጉኣት ብጾትና ኹላን ኣጭርቕትን ክንሓጽብ ናብቲ ሓጸቢ ከድና። ሓጺብናን ተሓጺብናን ምስ ወዳእና ከባቢ ሰዓት 4፡00 ድ/ቀትሪ እተን ንጥፍኣትና ዝተዓጥቃ ኣፈርቲ ጸላኢ መጺኣና። ኩሉ'ቲ ኣብኡ ዝበረ ተጋዳላይ ናቱን ዘይናቱን ኣብቲ ኣሻሾ ቀጣቕጢ ተሰጢሑ ዝበረ ጨርቀመርቂ ቦዀቦ ኣቢሉ ካብ ክሻፉ ኣፈርቲ ንክኸወል ተጓየየ።

እተን ኣፈርቲ ንብረትና ወጊኖ ክሳብ ንመሳሰል ግዜ ዝህባ ይመስላ ኣይነበራ። ኦሮማይ! ውጉኣትና ክዝርማኦም እዮን፣ ዚ ከባቢ ኣቃለዕናዮ፥ ..." ኢልና እናሓሰብና፡ ቦምባታተን ክድርብያ ጀመራ። እንተኾነ ታርጌት ኣይሃረማ፣ ክልተኣን እተን ኣፈርቲ ውግእ ካብና ፍንትት ናብ ዝበለ ኹታት ደርብዮንኦ ኩዱ። ዝበረና ስግኣት ክቕንጠጥ ተፈሊጡና።

ንምሸቱ፡ ኣህዱታት ወገን ካብ ሸሸቢት ኣዝሊቖ ኣብ ጸለም ርእሱ መከላኸሊኡ ኣጸንዐ። እቶም ኣብ ግንባር ኣንጻር ጸላኢ ክረጋረጉ ዝገደፍናዮም ደቂ ኣሃዱና ናብቲ ዝበርናዮ ቦታ መጺኦ። ንሕና ኸኣ ብምድፍናቕ ተቐቢልናዮም። ኩሎዮም እቶም ኣብቲ ውግእ ዝገደፍናዮም ብህይወቶም መጺኦም እንተኾይኖም ንምፍላጥ ብፍቕድን ኣስማቶም ብምርቋሕን ኣሙዩም ክንጉብር ጀመርና። ግዝያዊ መራሒ ጋንታና ንኽቋጸጸር ሰርዓና። እቲ ግዜ ደኣ ይጸልምት እምበር ኣብ መማስርዕና ኣቲና ሓድሕድና ክንጠማመት ምስ ጀመርና ጋንታና ውሒዳ ተዓዘብና። ብማስዋእትን መውጋእትን ኣባላት ከም ዝጎደሉና ተረድኣና'ሞ፡ ኣስማት ናይቶም ዝተፈለዩና እናልዓልና ክንሕሾኽሹኽ ጀመርና።

መራሒ ጋንታና ኩጉታትና ስለ ዝተዓዘቡ፡ "ደሰምዕ ኣለኹ፣ ኣብ ጓይላ መዓስ ኳ'ና ጽሒፍና! ጸላኢ'ኮ ኣራጊሺ ሒዙ ኣይፍትዋን መጺኡና? ስለ'ዚ ተወጊኣም ንኽሕከሙ ሰዲድናዮም ኣለና" በለና ንኽየንጽጽ ንኹሉ ነገር ኣብ ከብዱ ጸይሩ። ከምቲ ዝበሎ ተወጊኦም ናብ ሕክምና ዝኸዱ ብጾት ነይሮም'ኳ እንተኾኑ፡ ግን ኣብ ውግእ ሸሸቢት ብማስዋእቲ ዝተፈልዩና ብጾት፡ ብዕይኒት ኮኑ ብፍቕዲ ኣብ ኣሃዱና ቀሊል ዘይኮነ ሃሰያ ወሪዱ እዩ። ኣብኡ ካብ ዝተሰውኡ ብጾት ንምጥቃስ፥

ኣብ ባጦሎኒና ከም ኣዚዚ ሓይሊ ኮይኑ ዝተዋግአን ዘዋግአን ጉብረሚካኤል ጎይትኦም (ማዕበል)፣ ካብ ባጦሎኒ ክልተ ድማ ኣዚዚ ጋንታ ኪዳነ ኣሚኒ፣ ኣዚዚ ጋንታ ዐስማን መሓመድዓሊ (ወዲ ሳሆ)፣ ኣዚዚ ጋንታ ዘርእማርያም ኣስገዶም። ካብ ባጦሎኒ ሰለስተ ኣዚዚ ጋንታ ባትሮስ ኣካሉ ዋሉን ኣዚዚ ጋንታ በሻር ኢዳምን ነበሩና።

ድሕሪ'ዚ ብርጌድና፡ ኣብ መጀመርታ ወርሒ 04 ናብ 1999 ካብ ከባቢ ማይ ቀጀሕ ናብ የማናይ ክንፊ ግንባር መረብ ሰቲት ከባቢ ደንበ ሕንብርቲ ብምቕያር፡ ምስ ካልኦት ብርጌዳት ናይ ክፍለ ሰራዊትና (ክ/ሰ/38) ተጸንበርና ድፋዓት ምስራሕ ጀመርና። ካብ ክሻፉ ኣፈርትን ከቢድ ብረትን ንምኽዋል፡ ብለይቲ ለይቲ ጽኑዕ ድፋዕ ሰራሕና። ግን ባዕልና ኣይዓረድናሉን፣ ኑቲ ዝሃጸናዮ ጽኑዕ ድፋዕ ንኻልኦት ብጾት ኣረኪብና ናብ ገዛ ኣራብ ቐቕልና።

ናብ ገዛ ኣራብ ምስ ከድና፡ ናይ ክልተ ቕነ ጽዑቕ መዘናኸሪ ታዕሊም ወሰድና። ኣብ መዛዘሚ ታዕሊም'ውን ተጓዒዝና ኣብ ጎደኒ ጎሮም ናብ ጽብራ ደይብና ቀኑብ ኣዕረፍና። ብ9 ሰነ 1999 ኣዘዝቲ ግንባራት ኮጉታት ንኸጸንዑ ናብቲ ብርኽ ዝበለ ኩጀጀት ከባቢና ክድይቡ ተዓዚበና። ብኡ ክእንቀሳቐሱ ከለዉ፡ እቲ ጽቡቕ ዕጥቆም ምስ ወተሃደራዊ ክዳውንቶም ኹብራቕ ናይ ክብ ዝበለ ሞራል ኮይኑ ተሰምዓና። "ሰላም ብጾት!" ኢሎምና ክሓልፉ ከለዉ፡ ኑቲ ብሩህ ገጾምን ፍሽኽታኦምን ርእና ሞራልና ሓፍ በለ።

ንጽባሒቱ (ኣብ 10 ሰነ) ወዲሰመረ መጋባይ ወጽኡ። ሽጉርቲ ምብዛሕ ደፊቱ ብምንባሩ ኑተን ደቀንስትዮ ዘበልና ካብቲ ደቂሰናሉ ዝበርና ቦታ ኣተንስኡ "ንሕና ሸጉርቲ ምትራሩ፣ ቀልጥፉ ሓግዛ! ኑተን ዘለዋ ኣስቢዛ ብዘይተረፍ ንቐርሲ ክስራሐን እዩ። ዘይትድገም ቀርሲ ከቐርሰኩም እዩ፡ ..." እናበለ ብዙኑብዙብ ኣተንስኡ ኮብኩቡ ወሰደና። ብኢደይ ኢደካ ዝተመትረ ሽጉርቲ ኣብ ዝሓጸረ ደቓይቕ ተሙቲሩ ተወድኡ። ኣብ ዋርድያ ኣብ ተጠንቀቕ ዝሓደረ መሳርዕና ኩሉ ሰብ ተኣኻኸበ።

መራሒ ጋንታና ዓዋተ "ኩልና ኣለና ዲና?" በለ ብህድኣት። "እወ!" በልናዮ።

ብሉ ኢደይ ኢደካ ኢልኩም ኑቲ ቤ ቀራርሱዎ'ሞ ቀልጢፍና ንመግብ" በለና። ቀጺሉ፡ "ደብዓቡ ጽሑፋት፡ ኣሳእልን ካልእን ኣብ ብሸክሊትኩም ዘሎ ንቕነብ ኣረክቡዎ" በለ።



መም.ኣስቴር ገብረመስቀል

ወዲሰመረ፡ "ጽቡቕ ኣለኻ ዓዋተ፡ እዘን ፍጉራት ወያነ ኣሳእልናን ደብዓቦታትናን መጻወቲ ክይጉብራኦ" ብምባል ኑቲ ኣብ ጇባኡ ዝጸንሐ ስእልታትን ደብዳቤታትን ሰድራቤቱ ኣከቡ ናብቲ እቶን ሓዊ ረኺዮ'ሞ፡ "ዓብዱ ሰቓር ዓርከይ፡ ብዘክረ ሰማእታት ንሰናበቶም፡" እናበለ ወተሃደራዊ ሰላምታ ብምሃብ "ድሓን ኩኑ ሰድራይ" እናበለ ብመንፈስ ብመንገዲ ኣሳእሎም ንወለዱን ኣሕዋቱን ተሰናበቶም።

ሓደ ብዙሕ ድቃስ ዘዘውትር መሓመድ (መሓመድ ሰካብ) ደቂሱ ጸኒሑ ካብቲ ተሸኺሉ ገጹ ኣሲሩ መጺኡና'ሞ፡ በቲ ሃታሃታ ምንቅስቓሳትና ግር ስለ ዝበሎ ንኸሳትና ጠመተና። ቀጺሉ፡ "ያጀምዓ! እንታይ'ዩ እዚ ኹሉ ሸበደብድ? እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ ደዩ?" በለና።

ወዲ የሴፍ ተቐቢሉ፡ "ኢታ መሓመድ፡ ኩሉ እንትናኻ'ባ እዩ ድቃስ! በል ሓዚ ዝዓርከይ፡ ሎሚ መዓልቲ ግጥም ከዕሶ እግሪ ክተዩድ እዩ" በሎ ፈያራት ኣሰናኑ ገይጹ እናሰሓቐ። ኣብ ከባቢና ዝረአ ዝበረ ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓስን ኢጋውሎናን ሓደ ዓቢ ወተሃደራዊ ኩጉታት ከምዝሎ የመልክት ነበረ።

እቲ ተረርን ቀጢን ከም ሸምጢ ኑብርን ምሉጌታ ሰመረ ኣሰራት (ወዲ ሰመረ) ኣብታ ጋንታ ፍቱው ኣባል ነበረ። ኣብ ምንቅስቓሱ ቅልጡፍ፡ ኣብ ውግእ ንባዕሉ ሞራል ሰኒቑ ሞራል ዘሰንቕ ውፉይ እዩ። መድፍዓጂ ብሬን ኣብ ዝበረሉ ኑታ ብሬኑ ከም ውላዱ ይሰኖኽሶን ይውልውላን ነበረ። ጸኒሑ ቀጭ-ሕርሙ (ስናይፐር) ምስ ሓዘ ድማ ብታሕጓስ ክትትኩስ ደለየ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብቲ "ተዓለው፡ ወረቓቕት'ኹም ንእንዳ ቀጠብ ሃብዎም" ዝተባህለሉ ግዜ ኑታ ቀጭ-ሕርሙ ብዘኣረገ ማልያኡ ይውልውላ ነበረ። "ኣሐጉሰኒ ቀጭ ሕርመይ! ዝም ሰበርቲ ጸሕሎም ግንባሮም ዘቢጥኪ ድፍእዮም! ከምቲ ኣነ ዝገደሰልኪ ክሓሰኪ ኢኺ!" እናበለ ምስኣ ተዛረበ።

ወዲ ሰመረ ትምባኾ፡ ሽጋራን ማስቲካን ዝኣመሰሉ ናይ ጋንታ ባዕሉ እዩ ዝሕዙ። ዝደለየ ኾኣ ከፊሉ ካብኡ ይወስድ ነበረ። በዚ ምኽንያት ካብቶም ሽጋራ ዘትክኹ ኣባላትና ናብ ወዲ ሰመረ ምስ ቀረቡ ምስ ብረቱ ክዛረብ ጸንሖም። "ወዲ ሰመረ ተጸሊልካ! ምስ ብረትካ ትዛረብ ኣለኻ?"

"ጀምዓ! ካብ ሕጂ ምስ ዕጥቕኹምን ብረትኩምን ተላዘቡ፣ ተማኸሩ። እዚ ዝጸበየና ግጥም ሓሞትካን ብረትካን ኣሚንካ እዩ!" ኢሉ መለሰ። ሃበሞ፡ ብጾቱ ድማ፡ "ኢይ! ሕራይ በል ሕጂ ጥራይ ኣብ ደሞዝ ዝኽፈል ሽጋራ ሃበና?" በሉዎ። እቶም ብለኽሓ ሽጋራ ዝሓትቱ ዝበሩ ብጾት ኑዩም ካልኦት ኣባላት'ውን ስለ ዘየኻኽሩዎም፡ ሽጋራ ዘትክኹ ሽጋራ፣ ማስቲካ ዝደለዩ ድማ ማስቲካ ሓተቱ።

ወዲ ሰመረ፡ "ኦ! ኣብዛ ሰዓት'ዚኣ ከተለቅሕኦን ክትልቃሕኦን ምውሳኽሲ ከመይ ትመስለኩም? ኣብዚ ዝጸበየና ዘሎ ወፍሪ እንተተሰዊእኸ ካብ ወዲ ሰመረ ተለቂሕና ነይርና ኢልኩም ዕዳኹም ክትዓጽዉ ዲኹም ብሓቂ? እንተዘይክፈልኩምከ?" በለ ዋዛ ምስ ቁምነገር ኣምሲሉ። "ኢታ ሃበና ጥራይ! ኣለቃሓይ ወይ ተለቃሓይ ደስዋእ" ምስ በሉዎ፡ "ሕራይ በሉ ንዓኹም ዘይትኣ ጋንታና!" እናበለ ዓደለና። ንብዙሕ ክህበና ካብ ዝለመንናዮ፡ ማስቲካ ንጠልብ ኣባላት ነበርና።

መራሒ ጋንታና ዓዋተ፡ በቲ ኣብ ጋንታና ዝሰፈነ ዝበረ ዋዛታትን ሰሓቕን ተመሲጡ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ "ሃየ በሉ ብጾት ናወቲ ምግብናን ቀጢፍናን ንጠርንፎ፣ ዕጥቅና ነማዓራሪ፡ ኣንጎላና ንጥወ ድሉዋት ንኹን" ኢሉ መምርሒ ድሕሪ ምሃብ፡ ንዓና ከም እንዳሎ ገይሩ ምስቶም መራሕቲ ሓይልታት ተራኸበ። ካብ መራሒ ሓይልና ሓበሬታን መምርሕን ምስ ተዋህቦ ከኣ ተመሊሱ ንዓና መሪሑ ምስ ካልኦት ጋንታታት ሓይልና ተጸንበረ። ናይ 10 ደቓይቕ መንገዲ ተጓዒዝና ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀትሪ ናብ ሓደ ዕመር ኣግራብ ኣቲና ብመራሒ ባጦሎኒና (ወዲ ግደይ) ኣብ ዝተመርሐ ሓጺር ኣኼባ ተሳተፍና። ናይ መጥቃዕቲ ስጉምቲ ክውሰድ ምኽንያቱ ምስ ተገልጸ ድማ መልስና ብጣቕዒት ገለጽና። ኣኼባ ድሕሪ ምዝዛሙ ናብቲ ኣብ ቅድመና ዝበረ ካናሊታት ብምእታው ተገደምና። ድሕሪ'ዚ እታ ናይ ዘሮ ሰዓት ኣኺላ፡ ብ10 ሰነ 1999 ሰዓት 10፡00 ኣብ ጎቦ ጎሮም መጥቃዕቲ ከፈትና።

ይቕጽል

**መም/ር ኣስቴር ገ/መስቀል**

**ኮማዊ ቤት-ንባብ ን/ዞባ ዓረዛ**

መኣረምታ፡ ኣብ ውግእ እግሪ መኸል ካብ ዝተሰውኡ፡ ዓብዱ ሰዒድ (ኣምቹ) ዘይኮነ ካልእ "ኣምቹ" ጥራይ እናተባህለ ብሶጓ ዝጸዋዕ ኣባል ከም ዝተሰውኣ ምስ ናይ ይቕረታ ንሕትብር።



ብሸነኽ የማን ዘላ ኣስቴር ገብረመስቀል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላክ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: HME SANY Mechanic**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of heavy mobile equipment used in mining operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects with your ability to read and write Chinese and additional experience on SANY trucks.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Must have SANY OEM experience.<br>○ Must be able to speak and write Chinese and understandable English<br>○ Additional training or certification in heavy mechanical equipment repair is preferred | ○ Minimum 5 years of experience in repairing and maintaining SANY heavy mining equipment.<br>○ Proven SANY troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints OF SANY trucks.<br>○ Acceptable knowledge of HME safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Hydraulic fault-finding, Mechanical/ Electrical skill, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management, Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce, Ability to work in a multi-disciplinary environment, Ability to work under pressure and achieve results, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**Position: Drill Rig Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of various mine drills used in mining operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets, availabilities, met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Diploma in Heavy Mining Equipment maintenance or Formal Trade certificate.<br>○ Additional training or certification in heavy mechanical equipment repair is preferred<br>○ Formal certified training on Mine Blast Hole Drills will be advantageous | ○ Minimum 8 years of experience in repairing and maintaining mine site blast hole drills.<br>○ Minimum 3 years of experience as Mine Drill Maintenance Supervisor on mine sites<br>○ Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints.<br>○ Acceptable knowledge of mine site safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Hydraulic fault-finding, Mechanical/ Electrical skill, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience on multiple types of Blast Hole Drills, Report writing, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management, Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce, Ability to work in a multi-disciplinary environment, Ability to work under pressure and achieve results, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲዞባ ማእከል

ሰምሃር ደበሳይ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ጠዓመ ፍስሃ ግርመ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለዪ ይትሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሜላት ጸጋዮ ተኽለዝጊ፡ ሰም ኣደይ ጸገ እስጢፋኖስ ምባል ተሪፉ፡ ጸገነና እስጢፋኖስ ወልዳይ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ት/ዕድሜ፡ ብወለዳ ኣቶ ቢንያም ክፍላይ ወ/ሮ ማሰል ወልደማርያም ተኽለ ኣልፋ፡ ሳሊና ቢንያም ምባል ተሪፉ፡ ሰሲና ቢንያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ጉብሪሂወት ተኽለ ወልደእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ዓወት ተኽለ ወልደእየሱስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ ዘውዲ ኣጸገብ ተሰፉይ፡ ኣደይ ሙብራት ወልደማርያም ጉብረተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተከኤ ኣብርሃ ተኽለሃይማኖት፡ ኣቦይ ኣብርሃ ተኽለሃይማኖት ሓጎስ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ኣቶ መሓመድ እድሪስ ሳልሕ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓመድኖር መሓመድ ኣሕመድ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተኾምብያ

ዘርኣም ጉብረሚካኤል ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ዘርኡ ጉብረሚካኤል ተወልደመድህን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 05 ብሎክ 24 ፓርስል e ብመለለዪ ቑጽሪ ንብረት 6000556 ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም ፋጥና መሓመድ ዓብደላ ዝተመዝገበ፡ ምስ 3 ኣሕዋተይ ብውርሲ ዝበጽሓና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባዩ ተባሂሉሉ ኣንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፣ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኽንያይ እሕብር።

ኸሪዲን መሓመድ ኣሕመድ +3

---

ብስም ብርሃኑ ኢማም ዓሊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00041877 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ቐይሕ ቁ.ገዛ 01 ዝርከብ ናይ ትካል መኽዘን ትካለይ ወ/ሮ ኣድያም ሰለሙን በየነ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና 123-1 ቁ.ገዛ-ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ብርሃኑ ኢማም ዓሊ ሕጋዊ ወኪል ወ/ሮ ኑርያ ኢማም ዓሊ

---

ወ/ራት ሕብረት ዘርኣብሩኽ በራኺ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው ንግዳዊ ትካለን፡ ቤትኤል ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው" (BETHEL 1ODATED SALT) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣመልካቲት ብስመይን ብስም 11 ደቀይን ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/06 ጎደና ምናስ ደስታ ዝፍለጥ ዝበረ፡ ሕጂ ብጎደና ደብረ ማርር ዝፍለጥ ዘሎ፡ ቁ/ገዛ 38 ብቁ/ምስክር ወረቐት 105534 መወከሲ ቁ/115765 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ሊብረቶ ስለዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበልካ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 161131 (07798768) ክትሕብሩና። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ሊብረቶ ክሓትት ምኽንያይ እሕብር።

ወ/ሮ ሙሉ ዑቕባጋርግሽ

---

ብስም ርግኣት ፍስሃየ በርሀ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00036912 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 113-14 ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ ቤት መግቢ ሃዋዝ ትካለይ ንኣቶ ቀሺ ሕሩይ ፍጹም ኒጋሽ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 113-14 ቁ/ገዛ ካብ ዕለት 01/03/2025 ክሳብ ዕለት 28/02/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ርግኣት ፍስሃየ በርሀ
ሕጋዊ ወኪል ቀሺ ሓጎስ ተሰፋዝጊ

---

ወ/ሮ ናዝሬት ማስመር ጉብሩ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ሱሰባቐ ጸጉሪ - ርእሲ ንግዳዊ ትካለን "ያፌት ሱሰጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ" (YAFIET BEAUTY SALON) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ብርሃነ ርእሶም ሃይሌ፡ ወራሲ ነፍ/ህይወት ሃብተ ሓድጉ ዝኾንኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ዞባ 04 ምም/10 ዝርከብ ብዮጋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁ.ምስክር ወረቐት 109793 ብመወከሲ ቁጽሪ 131700 ብስም መዋቲት ወላዲተይ ነፍ/ህይወት ሃብተ ሓድጉ ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብወርሻ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቐሪቡ፡ ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኽንያይ እሕብር።

ብርሃነ ርእሶም ሃይለ

---

ብስም ይሕደጋ ጉብረ ፍስሃየ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00034418 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዱብርዋ-117 ቁ.ገዛ 22 ዝርከብ ናይ ዘገልግሉ ኣቑሑትን ፕላስቲክን ወጽኢትን መሸጢ ትካለይ፡ ንኣቶ ምስየና ኪብሮም ዘርኣሃዋርያት፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ካብ ዕለት 05/08/2023 ክሳብ ዕለት 04/08/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ይሕደጋ ጉብረ ፍስሃየ
ሕጋዊ ወኪል ኤደን ጸሃየ ክፍሎም

---

ብስም ዓብደላ ጃዓፈር ከኪያ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00035389 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 31 ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፡ ንኣቶ ሐመድ ሐሴን ሐመድ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና-ቁ.ገዛ-ካብ ዕለት 01/03/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ዓብደላ ጃዓፈር ከኪያ

---

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከባ ሆቴላት መንግስቲ ክሳብ 30/6/25 ዝጸንሕ ቀረብ ደርሆን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተማሪትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

*ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2023 ካብ ዕዳ ነጻ መረጋገጺ ሰነድን
*መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ
* ተማሪታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ
*ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን5 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ ኣብ ኣስመራ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
*ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ዓዲ ትኹል፡ ዞን1 መደብ 2 ቃጽያ G ናይ ሊዝ ሰነድ ስለ ዝተፋኣለ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበልካ እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ/ቴለ 07284580 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኽንያይ እሕብር።

ኣማኑኤል ሙብራህቱ ኪዳነ
ብወኪሉ ኣብራሃም መዝገበ

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኤፍሬም በየነ +4ን ዝተፈጠረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዕለት 24/01/2025 ብቁ.መዝ MK2024C21ExF0430 ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነት ሃይንዳይ ቫን ዝዓይነታ መኪና ቁ.ሰሌዳ ER-1-A-3891ER_1-35815 ነበር) ቁ.ቻሲ NLJWVHTHYP7207753 ትወስዶ ኑዩዲ ናፍታ ጎማ፡ ሰኣርታ የብላን፡ ባትሪ ምውት ከም'ኡ'ውን ምሉእ ሰርቪስ ዘድልያ ኮይና፡ ቤት-ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ስለ ዝኣዘዘ፣ እዛ ዝተጠቕሰት መኪና ብከኣላ መበገሲ ዋጋ ናይ 2ይ ሓራጅ 325,000 (ሰለስተ ሚእትን ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለዘላ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ተወዳዳሪ 1/4 ናይቲ ዝተዋህበ ግምት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በክ ወይ ድማ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ሳ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/67 ቀሪቡ ይወከስ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 5/5/2025
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ቁ/27

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Compa
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Artisan Auto Electrician**

   **Department: Mining**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To attend to-all electrical related issues on underground mining equipment and workshop.
- Diagnose and replace faulty electrical and electronic systems, units and components of machinery and equipment.
- Inspect electrical systems, equipment, and components to identify hazards, defects and the need for adjustment or repair, and to ensure compliance with codes.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety Targets Achieved
- SOP Requirements Achieved
- Production Targets Met (Costs Maintained Within Budget)
- Manpower Development Achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- Adhering to principles & values
- Effective communication skills.
- Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work in a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.
- Strong understanding of the maintenance, troubleshooting, and repair processes for HME.
- Excellent problem-solving skills and attention to detail.
- Strong attention to detail with a commitment to producing high-quality work.
- Willingness to work in underground conditions including extended shifts if necessary.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Auto Electrical Technician Part II, III/HND Electrical & Electronic Engineering or related qualification from a recognized institution.<br>○ Additional training or certification in Auto Electrical mining equipment or underground equipment repair is preferred<br>○ Certification for Air-conditioning maintenance and repair will be advantageous. | ○ Minimum of 5 years of experience in the mining maintenance field, including 3 years of experience on underground equipment such as drill rigs, loaders, dump trucks, and other supporting machinery.<br>○ Ability to distinguish colors used in color-coding harness and electronic components.<br>○ Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.<br>○ Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).<br>○ An ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.<br>○ Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>○ Possess a valid Driver's License with Good defensive driving skills. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| ○ Computer Literac, Hydraulic fault-finding, Mechanical/ Electrical skills, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience of multiple underground machines, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management<br>○ Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce<br>○ Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>○ Ability to work under pressure and achieve results.<br>○ Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዘገልግል 16 መኻይን ክሕጽብ ስለዝደለየ፡ ናይ ምሕጻብ (ላቫጆ) ሰርቪስ ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዝግብኦም

1.ናይ 2024.ዓም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ቀዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ የቕርቡ።
2.ተጫረትቲ ንመኸበሪ ጨረታ 10.000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብጥረ ገንዘብ ወይ C.P.O የትሕዙ።
3. ተጫረትቲ ናይቲ ተሓቲቱ ዘሎ ዝርዝር፡ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ዜና ኣሃዱ ዕደጊ ቁ.ገዛ 19 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 4:00 ድ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
5. ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ/ቴሌፎን 201820/351 ተወከሱ።

ሚኒስትሪ ዜና

# ካብ ዘባታት

ብስራት ተመስገን

## ኣፍላጋት ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ



ቅርጺ መሬት ማእከላይ ከበሳታት፡ ኣብ ምዕራባዊ ጫፋት ዝለዓለ ብራኸ በጺሑ፥ ናብ ምዕራባዊ መታሕት እናትሓተ ይወርድ። እቶም ኣብ ምብራቓዊ ጫፋት ከበሳታት ኤርትራ ዝርከቡ በረኽቲ እምባታት ኣብ'ዛ ሃገር ካብ ዘለዉ ብዝነውሓቶም ዝፍለጡ እምባታት እዮም። እቶም ናብ ምብራቕ ዝወርዱ ኣኽራናት፡ ኣብ ሓጺር ርሕቀት፡ ምስ መታሕት ይጽምበሩ። ካብ ምብራቓዊ ከበሳታት ናብ ምዕራብ ዘሎ ኣንፈት ድማ፡ ኣብ ነዊሕ ርሕቀት ብራኸኡ እናጉደለ፡ ናብ ምዕራባዊ መታሕት ይሕወስ።

እቲ ንኤርትራ ብማእከል ሰንጢቑዋ ካብ ሰሜን ንደቡብ ዝጉዓዝ ምዕራባዊ ጎላጉል ከቢሱ፡ ንምዕራብን ሰሜንን ዘሎ ኣንፈት ብራኸኡ እናጉደለ፡ ብምዕራባዊ ጎላጉል ኣቢሉ ሱዳን ይበጽሕ። ካብ ከበሳታት ኤርትራ ዝወርድ ዝናብ ድማ፡ ነቲ ቅርጺ መሬት እናተኸተለ፡ ዝበዝሐ ክፋሉ ናብ ምዕራብ ገጹ ይፈስስ።

ኣብ ከበሳታት ዝርከቡ ናእሽቱ ሩባታትን ዓበይቲ ኣፍላጋትን፡ ነቲ ካብ ከበሳታት ዝበጽሕ ዝናብ ማይ፡ ናብ ምዕራብ ሱዳን ይወስድዎ። ዝሸፍንዎ ቦታታት ገፊሕ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ዝሰከምዎ መጠን ናይ'ቲ ካብ ኣጻድፍ ጥራይ ዝተዋህለለ ማይ፡ ልዕሊ እቶም ውሑዳት ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝወርዱ ሩባታት እዩ። ዝበጽሑሉ ማይ ክዖ ጸቢብ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ምኽንያት ዋሕዞም፡ እቲ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝዛረም ዝናብ እዩ።

መረብ፡ ካብ ኣስመራ ንደቡብ ኣብ ዘሎ ቦታታት ማለት፡ ካብ ከባቢ ደባርዋን ካብ እንቡጠቐራ ንሰሜን ዘሎ ጎቦታትን ተበጊሱ፥ ንደቡብ ይጉዓዝ። መረብ፡ ነዊሕ ምስ ከደ፡ ኣብ ላዕለዋይ ሽነኹ፥ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ከም ተፈጥሮኣዊ ዶብ የገልግል። ኣብ ፍርቂ መስመሩ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ናብ ሰሜን ናብ ምዕራባዊ ጎላጉል ኣላጊሱ፥ ናብ ምዕራብ ይቕጽል።

መረብ፡ ኣብ ምዕራባዊ መታሕት ምስ በጽሐ፡ ፈለግ-ጋሽ ዝብል ስም ሒዙ፡ ናብ ምብራቓዊ ጎላጉል ሱዳን ናብ ከባቢ ከሰላ ይቕጽል። ዝበዝሐ እዋን፡ ኣብ ሐጻ ጎላጉል ተሰቲዩ ዝተርፍ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝውሕዝ ብርቱዕ ውሕጅ ግና፡ ናብ ኣትባራ (መሬት ሱዳን) ይሕወስ። እዚ ልዕሊ 440 ኪ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ፈለግ፡ ኣብ ሕርሻን ገስጋስን ምዕራባዊ መታሕት፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። መረብ፡ ካብ'ቲ ልዕሊ 1500 ትርብዒት ኪ.ሜ ዝግመት ዘለዎ ማይ ክዖ፡ ዓመታዊ ኣስታት 260 ሚልዮን ከዩብ ወሓዚ ማይ ይርከቦ።

ካብ ኣኽራን ሰሜን ኢትዮጵያ ተበጊሱ፥ ንሰሜን ምስ ተጓዕዘ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ተከዘ ዝብል ስም ዝሕዝ፡ ኣብ ኤርትራ ምስ በጽሐ ድማ ሰቲት ብዝብል ስም ዝጽዋዕ ፈለግ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 700 ኪሎ ሜትር ንውሓት ኣለዎ። እዚ ፈለግ እዚ፡ ኣብ ገለ ክፋል ኢትዮጵያ፡ ክሳዕ 2 ሽሕ ሜትሮ ዝበጽሕ ስንጭሮ ስለ ዝርከቦ፡ ኣብ ዓለም፡ ካብቶም ዝዓመቑ ኣፍላጋት እዩ።

ሩባ ሰቲት፡ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኤርትራ፥ ምስ ኢትዮጵያ ተፈጥሮኣዊ ዶብ ፈጢሩ፥ ናብ ምዕራብ ይጉዓዝ፡ ናብ ሱዳን ብምቕጻል ድማ ምስ ፈለግ ኒል ይሕወስ። ሰቲት፡ ካብ ኤርትራ፥ ሰሜን ኢትዮጵያን ጎላጉል ምብራቕ ሱዳንን፡ ማይ ዘዋህልል ጨንፈር'ዩ። ኣብ ኣትባራ ማለት ኣብ ሱዳን ምስ በጽሐ ድማ፡ ብዘይካ'ቲ ናብ ፈለግ ኒል ዘውሕዞ ማይ፥ ሓያሎ ዲጋታት ሱዳን፡ ብሩባ ሰቲት ዝመጽእ ማይ እዮም ዝመልኡ።

ሩባ ባርካ፡ ኣብ ማእከላይ ከበሳታት ማለት፡ ካብ ኣስመራ ንምዕራብ ካብ ዝርከቡ ጎቦታት ይብገስ። እዚ 640 ኪ.ሜ ዝበጽሕ ንውሓት ዘለዎ ሩባ ባርካ፡ ንሰሜን ምዕራብ ኤርትራ እናተጓዕዘ ኣቑርደት ይበጽሕ። ካብኡ ንምዕራብ ብምቕጻል፡ 346 ኪ.ሜ ምስ ተጓዕዘ፡ ኣብ ጥቓ ደቡብ ሱዳን ምስ ሩባ ዓንሰባ ይሕወስ።

ሩባ ዓንሰባ፡ ካብ ኣስመራ ተበጊሱ፥ ፈለማ ንሰሜን ቀጺሉ ድማ ናብ ምዕራብ ዝጉዓዝ ፈለግ'ዩ። ምስ ሩባ ባርካ ምስ ተሓወሰ ድማ፡ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሱዳን ናብ ገምገም ባሕሪ ሓብርም ይጉዓዝ። ኣብ ጥቓ ተኮር (መሬት ሱዳን) ምስ በጽሐ ከኣ፡ ልሙዕን ጥሉልን ቦታ ፈጢሮም፡ ኣብኡ ተሰትዮም ይተርፉ።

ኩሎም'ዞም፡ ንምዕራባዊ መታሕት ዝሰንጥቑ ወሓይዝ ኤርትራ፥ ኣብ ሱዳን ምስ በጽሑ፥ ከም ኣገዳሲቲ ምንጪ ማይ ሕርሻዊ ንጥፈታት የገልግሉ። ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ሱዳን ዝካየድ ዝበዝሐ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ኣብ ገምገም ኣትባራን መዘዞሚ ጉዕዞ ሩባታት ጋሽን ባርካን ይካየድ። ሩባ ጋሽ፡ ኣብ ከባቢ ባርካ ምስ ዓንሰባ ምስ ተሓወሰ፡ ጉዕዞኡ ኣብ ከባቢ ተኮር (መሬት ሱዳን) ይውድእ። ኣብ ምዝዛም ጉዕዞኡ፡ ኣብ ኣትባራ ዘራግፍዎ ሃብታም ትሕዝቶ ዘለዎ ሓመድን እኹል ቀረብ ማይን ድማ፡ ናብ ኩሉ ሸነኻት ዝዝርጋሕ ሰቡሕ መሬት ዘለዎ ጥሉል ጎላጉል ይፈጥር። ኣብ'ዚ ጎላጉል'ዚ፡ ዓመት ምሉእ ብዝካየድ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ሃብታም ምህርቲ ይሕፈስ።

እታ ዓመታዊ ካብ 300 ሚሊ. ሊትር ዘይበዝሕ ዝናብ ትረክብ ከሰላ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓለም ካብቶም ዝወዓዩን ዝደረቑን ቦታታት ምኻኑ ዝንገረሉ ተኮር፡ በቲ ካብ ጋሽን ባርካን ዝሸዶም ማይን ሃብታም ማዕድናት ሓመድን፡ ንዓይንኻ ዘወናውን ልሙዕ ሕርሻዊ ንጥፈታት ይሰላሰሉ። ብተወሳኺ፡ ትሕተ ባይታዊ ማይ ናይ'ዚ ከባቢ ሃብታም ብምኻኑ፥ ኣብ ጫፋት እዞም ክልተ ኣፍላጋት፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ጡጥ፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ፍርያት እዮም። ጡጥ ካብ 1860ታት ኣትሒዙ ኣብ ከባቢ ተኮር ዝበቁል ተኽሊ'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ከባቢ፡ ኩቦትን ጤለ-ብጊዕን ብዝበዝሐ ይጓሰያ። ብርክት ዝበሉ እንስሳታት ዘገዳም'ውን ኣብኡ ይዕቀቡ። ምንጪ ናይ'ዚ ኹሉ ድማ፡ እቲ ሃብታም ትሕዝቶ ሓመድን ማይን ጸይሩ ብመገዲ ሩባታት ጋሽ፡ ባርካን ዓንሰባን ዝሸይድ ወሓይዝ እዩ።

ምዕራባዊ መታሕት፡ ሓውሲ ምድረ-ሳዕራውን ምድረ-በዳውን ብቖሊ ዝመልኦ እዩ። ኣብ ገምገም ናይ'ዞም ዝጠቐስናዮም ሩባታት ድማ፡ ካልኦት ብቖሊ ይርኣዩ እዮም። ኣብ ጎድኖም ድማ፡ ልሙዕ ቀጠልያ ቦታታትን ጸቡቡቲ ጫካታትን ይርከቦም። እዚም ጫካታትን ቀጠልያ ቦታታትን ከኣ፡ ከም ቀንዲ መስሕብ እንስሳ ዘገዳም ኮይኖም የገልግሉ። እዚም ኣብ ገማግም ሩባታት ጋሽ፡ ሰቲትን ባርካን ዝርከቡ ኣግራብ፡ ካብ'ቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምድረ-ሳዕራ፡ ብዓቕን ዝበዝሑን ብዓይነት ዝይዛመዱን እዮም። ንኣብነት፡ ዓርኮብኮባይ ቀንዲ ዓብላሊ ገረብ ናይ ኣፍላጋት ጫካታት'ዩ። እንተኾነ፡ እዚም ሩባታት እዚኣቶም ሰፋሕቲ ብምኻኖም፡ ገማግሞም ክፈርሱን ባህርያዊ ዕንወት ከኸትሉን ንቡር ተርእዮ እዩ።

ኣብ ጫካታት ኣፍላጋት ጋሽ ባርካ ዝርከቡ መጥበውቲ፡ ዕፀዋፍን እንስሳ ዘገዳምን፡ ካብ'ቶም ኣብ ምድረ-ሳዕሪ ጎላጉል ዝርከቡ ፍልይ ዝበሉ እዮም። ብቐጻሪ እንተኾነ እውን፡ ብርኩትታት እዮም።

ኣፍላጋት ጋሽ፡ ሰቲትን ባርካን፡ ናብ ሰሜንን ምዕራብን ኤርትራ ክጉዓዙ ከለዉ፡ ዓቐን ማዮም እናወሓደ ይኸይድ። ብተመሳሳሊ ድማ፡ ከም ዓርኮብኮባይ ዝኣመሰሉ ቀንድን ዓበይትን ኣግራብ፡ ቁጽሮም እናንኣሰ ይኸይድ። ከምኡ'ውን፡ ዝያዳ ዝናብ ዝረኽብ ደቡባዊ ሸነኽ ምዕራባዊ መታሕት፡ ኣብ ገምገም ኣፍላጋቱ ዝርከቡ ኣግራብ፡ ብዓይነቶምን ጸዕቆምን፡ ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን እናውሓዱ እዮም ዝኸዱ። ኣብ ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ ማለት ኣብ ገማግም ሩባ ሰቲት'ውን ብወገን ደቡብ ኣግራብ ዓርኮብኮባይ በቐሎም ይርኣዩ። ውሓዚ ሩባ ሰቲት፡ ብዓሚቑ ሩባ ስለ ዝጉዓዝ ኑቲ ኣብ ገምገሙ ዝርከብ ቦታታት ዝሀቦ ሃብታም ሓመድን ማይን ድሩት እዩ።

መረብ ዝብል ስም ሒዙ ካብ ከበሳ ዝበገስ ጋሽ፡ ምስ ኩሎም ኣፍላጋት ኤርትራ ኣወዳዲርካ፡ ዝበዝሑ ዓይነታት ኣግራብ ይርከቦ። ዘይ ከም'ቲ ኣብ ገማግም ሩባ ባርካ ዝርአ ጽዑቕ ጫካታት ዓርኮብኮባይ፡ ኣብ ገምገም ሩባ ጋሽ ዝርከብ ዓርኮብኮባይ፡ ምስ ካልኦት ኣግራብ ተሓዊሱ'ዩ ዝበቍል። ኣብ ገምገም ላዕላይ ጋሽ ዝርከቡ ኣግራብ፡ ብዙሖም ካብ ናይ ሩባ ባርካ ዝጸዓቑ ኮይኖም፡ ኣብ ሩባ ሰቲት ዝርከቡ ምድረ-ሳዕራውያን ኣግራብ ዝተሓወስዎም እዮም።

ኣብ ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ ዝካየድ ሕርሻ፡ ፋሕ ዝበለን ልምዳውን ከምኡ ድማ ኣብ ስሑው ዝናብ ክረምቲ ዝምርኮስ እዩ። እዚ ሕርሻ'ዚ፡ ናብ'ቲ ዝበለጸ ዓይነት ሓመድን ዝለዓለ መጠን ዝናብን ዘለዎ ደቡብ ምዕራባዊ ጎላጉል ኣቢሉ፥ እናሰፍሐ ይኸይድ። ኣብ ወሰን ቦታታት ዝቕመጡ፥ ተወሳኺ ጤለ በጊዕን ኩቦትን ዝፍርዩ ሓረስቶት እውን ይርከቡ። እዚኣቶም ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ዝናብ ዝረኽብ ልሙዕ ቦታታት ምዕራባዊ መታሕት ይነብሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ቀንዲ ኣደህቦኦም ኣብ ገስጋስ ዝነብሩ ሓረስቶት ናይ'ቲ ከባቢ፡ መሽላ፡ ወዲ-ዓከርን ሰምሰምን ዝዓብለሎ ማሕረስ የካይዱ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ምዕራባዊ መታሕት እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ መሬት ሕርሻ፡ ኣብ ገማግም ሩባታት ብመስኖ ዝለምዑ ፍሩታታት፡ ፍረታትን ኣሕምልትን ኣለዉ።

ሰራውር ደም ምዕራባዊ መታሕት ዝኾኑ ገማግም ሩባታት ጋሽን ባርካን፡ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዜጋታት ዘለዎም ተራ ዘይከኣል እዩ። ኣብኦም ብኣማኢት ኮናትል ዝፈርዩ ፍሩታታት፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ኣብ ከባቢኦም ዝበቍል ኣእካል፤ ኣብኡ ዝጓሰያ ጥሪት፡ ምስ'ቶም ንኽትርእዮም ዝምስጡ ዓበይቲ ኣግራብ ዓርኮብኮባይን ግርማ ናይ'ቲ ከባቢ ዝኾኑ እንስሳ ዘገዳምን ተደሚሩ፥ ሸቃይ ሃገር እዮም።





# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## ቀልቢ

### ካብ ፍልቀት ናብ ሰውራ ዘሰጋገረ ኩነት

“ሰብ ምስ ተፈጥረ፡ እቲ ብዘይ ቀልቢ ዝኸይድ ዝነበረ ፍልቀት ኣብቂዑ እዩ። ሰብ፡ መወዳእታ ውጽኢት ናይቲ ብዘይ ቀልቢ ዝኸይድ ዝነበረ ፍልቀታዊ መስርሕ እዩ። ሰብ ምስ ተፈጥረ ብቐልቢ ዝግበር ፍልቀት ፈሊሙ። ሰብ ሓራ ወጺኡ፡ እንተ ደልዩ ክፈልቕ እንተ ዘይደልዩ ክገድፎ ከም ዝኽእል ኮነ። ስለዚ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ሰብ ይፈልቕ ኣሎ ካብ ምባል ንለውጢ መሪሑ ሰውራ የካይድ ኣሎ ምባል ይሓይሽ።” - ህንዳዊ ፈላስፋ ኦሾ ራንጅነሽ ካልት

ደቂ ሰብ ካብ እንስሳ ብብዙሕ ረቛሒታት ኢና እንፍለ። እዚ ፍልልይ ከኣ ብመስርሕ ፍልቀት ዝመጽአ እዩ። እቲ ብፍሉይ ካብ እንስሳታት ዝፈልየና፡ ‘ዓብለልቲ’ ፍጡራት ዝገብረና፡ ብልሒ ኣእምሮና ምኳኑ ብብዝሒ ይንገር እዩ። እዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ነጥቢ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ‘ኣየናይ ክፋል ሓንጎልና እዩ ዝያዳ ዝፈልየና?’ ኣብ ዝብል ዛዕባ ግን ድሩት ኣፍልጦ እዩ ዘለና። ተመራመርቲ ሳይንስ፡ ፈለማ ብዛዕባ ብልሓዊ



ብቕዓት ሰብ ክመራመሩን ክዛረቡን ስለ ዝጀመሩ፡ ብዛዕባ ዓቕን ምስትውዓል ሰብ ዝተጋነነ ተመስጦ ከም እነሕድር ገይሮም እዮም። ብልሒ ኣእምሮ፡ ሓደ ረቛሒ ናይቲ ፍልልይ እዩ። እቲ ኣብ እንስሳታት ብፍጹም ዘይተረኽበ ግን ‘ቀልቢ’ እዩ። ስለዚ፡ ሰብ ካብ እንስሳ ዝፍለ ቀልቢ ስለ ዘለዎ እዩ ክበሃል ይከኣል። ፈላስፋ ኦሾ፡ “ሰብ ምስ ተፈጥረ ክመርጽ ናይ ምኽኣል ዓቕሚ ኣማዕቢሉ፣ ምስኡ ተጐዚጒዙ ከኣ ጸቕጢ ኣእምሮ ከማዕብል ክእሉ፡” ይብል። ቅድሚ ሰብ ዝነበሩ ፍጡራት፡ ብቐልቢ ክመርጹ ብቕዓት ኣይነበሮምን፣ ስለዚ ተፈጥሮ ባዕሉ ይመርጸሎም ነይሩ። እንታይ ይመርጹ? ዝሓሸ ምርጫ መሪጽም ዶ? ኣብ መጻኢ ምርጫኦም ይጸልኡዎ ዶ ይኾኑ? ብጻዮም ካብ ናቶም ዝሓሸ ምርጫ ዶ መሪጹ ይኸውን? ወዘተ ዝብል ኣጨናቒ ሕቶታት ኣይነበሮምን። ብእኡ ምንጽር ዝጭነቕ ፍጡር ኣይነበረን። እዚ ፈላስፋ፡ እንስሳታት ቀልቢ ከም ዘይብሎምን ክመርጹ ከም ዘይክእሉን ዝረትዓሉ ኣብነት፡ እንስሳታት ህይወቶም ከሕልፉ ክመርጹ ኣይክእሉን ምኳኖም እዩ።

ሰብ ናይ ምሕሳብ ዓቕሙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጡን ኣከባቢኡን ዝካየድ መስርሓት ለውጢ ከቕልበሉ ምኽኣሉ ቀዳማይ ዝዓበየ ብልጫኡ እዩ። ኣብቲ ዝካየድ መስርሕ ለውጢ ኣስተዋጽኦ ንኽህሉዎ ብቐልቢ ክውሰን ናይ ምኽኣል ብቕዓቱ ከኣ ካልኣይ ዝዓበየ ብልጫኡ እዩ። ቀልቢ፡ ንሰብ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኳኑ ንምግንዛብ፡ ብግቡእ ክንትንትኖ የድሊ። ቀልቢ፡ ካብ ምስቲ ‘ውስስብ መትናዊ ዋህዮታት'ዩ’ ብምባል ሳይንስ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ‘ህላወ’ ኣተኣሳሲርና ክንርእዮ ይምረጽ። ነብሰ-ምፍላጥ፡ ንቕሓት፡ ግንዛበ፡ ልዑል ኣስተብህሎ፡ ኣብ ህሉው ኩነት ምህላው፡ ወዘተ ዝብሉ መግለጺታት ደማሚርና ከይተረፈ፡ ንቐልቢ ዝበቅዕ መግለጺ ክንፈጥር ኣይንኽእልን። ምስ ፍልጠት ልዑል ምትእሳር ከም ዘለዎ ክንርዳእ ግን ኣገዳሲ እዩ። ናይ ሓሳብ ይኹን ግዛዕ ፍልጠት እንተ ዘይብልና፡ ቀልቢ ኣለና ክበሃል ኣይከኣልን። ሰብ ኣብዚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ዝበጽሐ፡ ንነብሱን ኣከባቢኡን ክፈልጥ ብዙሕ ስለ ዝተመራመረ እዩ። ነዚ ናይ ምፍላጥ ህንጥዩነት ዝፈጠረ ከኣ ቀልቢ ስለ ዘማዕበለ እዩ። ቀልቢ እንተ ጠፊኡ ሰብ እንታይ ይኸውን? ናብ እንስሳ ዶ ይመለስ ይኸውን? ፍልቀት ንድሕሪት ይምለስ ድዩ? ዝብሉ ሕቶታት ንሳይንሳዊ መርመራታት ገዲፍና፣ ነዚ ዓቢ ትዕድልቲና ዝኾነ ‘ቀልቢ’፡ ብግቡእ ንጥቀመሉ ኣለና ዶ? ምሕታት ግን ኣገዳሲ ይመስለኒ።

## ሳይንስከ ብዛዕባ ቀልቢ እንታይ ይብል

### 1- ፍጹም ሕደን ዘይባተኽን

ሳይንስ፡ “ቀልቢ፡ ከም ድላይካ እትውልዖን እተጥፍኦን ኩነት ዘይኮነ፡ ዝተፈላለየ ናይ ኣስተብህሎ ደረጃታት ዘሎዎ፡ ቀጻሊ ምሳና ዘሎ ኩነት እዩ፡” ብምባል ይገልጾ። ብእግርና ክንጓዓዝ እንከለና ቀልብና ኣብ ህሉው ኩነት ይርከብ። ኣብ እንድቅስሉ ግዜ፡ ዋላ'ኳ ካብ ህሉው ኩነት ተባቲኽና ንሃሉ፡ ቀልብና ግን ብመልክዕ ሕልሚ ምሳና ይህሉ። ኣብ ኮማ ዝኣተወ ሰብ፡ ብደረጃ ትሕተ ንቑሕ ኮይኑ ካብ ቀልቢ ብምልኣት ከም ዘየልግስ ይገልጽ።

ፈለማ ብዛዕባ ቀልቢ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕትታት፡ ቀልቢ ዝተፈላለየ ደረጃታት ከም ዘሎዎ ተዳህሲሱ። እንተኾነ፡ “ክንደይ ደረጃታት'ዩ ዘሎዎ?” ክሳዕ ሕጂ ውድዓዊ መልሲ ኣይተረኽቦን። ኣብ ገለ ጽሑፋት ሰለስተ ደረጃ ከም ዘሎዎ ንረክብ፡ ኣብ ገለ ከኣ ሓሙሽተ። ንቑሕ (ምርኣይ፡ ምስማዕ፡ ምውሳን፡ ወዘተ)፡ ቅደመ-ውነ (ክንውከሶ እንኽእል ክፋል ዝኽሪ)፡ ትሕተ-ንቑሕ (ክንውከሶ ዘይንኽእል ክፋል ዝኽሪ)፡ ውነ-ኣልቦ (ስምዒት ዘይፈጥር ምንቅስቓስ ኣካላት፣ ንኣብነት ዑደት ደም)፡ ከምኡ'ውን ትሕተ-ውነ (ብምድግጋም ዝተመልከ ልምዲ)።

### 2- ሓንጎል ከም ቆፎ ቀልቢ

ቀልቢ፡ ኣብ ሓንጎልና ምስ ዝርከብ ውሱን መትናዊ ንጥፈታትን ኣሰራርዓን ምትእስሳር ከም ዘሎዎ መትናዊ ሳይንስ ይገልጽ። ሰለብራል ኮርተክስ ዝበሃል ክፋል ሓንጎልና፡ ብፍሉይ፡ ንቐልቢ ከም



ቆፎ ኣዕቀቡዎ ይርከብ፣ ተላማስን ማእከላይ ሸነኽ ሓንጎልናን ከኣ ቀልቢ ኣብ ምሕቋፍ ልዑል ተራ ከም ዝጻወት ሳይንስ ይገልጽ። ገለ ክልሰ-ሓሳብ፤ ቀልቢ፡ ኣብ ሓንጎል ተዘርጊሖም ዝርከቡ ብርከት ዝበሉ ዋሃዮታት ካብ ዝካይዱዎ ውስስእ ዝፍጠር “ግሎባዊ ናይ ስራሕ ህዋ” ከም ዝምንጩ ይእምት።

### 3- ቀልቢ ከም ብቋልያ ናይ ብርከት ዝበለ ውስስእ

“ቀልቢ፡ ድምር ንጥፈታት ናይ ዋሃዮታት ሓንጎል ዘይኮነ፡ ናይቲ ውስስእ ውጽኢት እዩ፡” ዝብል ሳይንሳዊ መግለጺ'ውን ኣሎ። ቀልቢ ኣብ ሓንጎልና ካብ ዝካየድ ዝተሓላለኸ ንጥጥፍ ዝበቖለ ኩነት እምበር፡ ናይ ሓደ ወይ ክልተ ዋሃዮታት ባህሪ ኣይኮነን ይብሉ።

### 4- ዘይተመለሰ ከቢድ ግድል

ሳይንስ ቀልቢ ንምግላጽ ዝኸዶ ገስጋስ ኣብ ቦታኡ ከሎ፣ ካብ ሓደ ተጨባጥን ዝረአን ፊዚካዊ መስርሕ ሓንጎል፡ ብኸመይ ዘይተጨባጥን ትፍንያታውን (ኣብ ኣእምሮ ጥራይ ዝተርፍ) ኩነት ክፈጥር ይኽእል? ዝብል ጌና ዘይተመለሰ ሳይንሳዊ ግድል እዩ።

### 5- ክልሰ-ሓሳብ ዝተወሃሃደን ዝተጠምረን ሓበሬታ

እዚ ክልሰ-ሓሳብ'ዚ፡ እኹልን ዝተወሃሃደን ሓበሬታ ዘሎዎ ስርዓት፡ ‘ቀልቢ ኣሎዎ’ ክበሃል ከም ዝኽእል ይገልጽ። መጠን ቀልቢ ምስ መጠን ዝተወሃሃደ ሓበሬታ ቀጥታዊ እወታዊ ዝምድና ከም ዘሎዎ'ውን የብርህ።

### 6- ክልሰ-ሓሳብ ግሎባዊ ናይ ስራሕ ህዋ

እዚ ክልሰ-ሓሳብ፡ ‘ቀልቢ፡ መትንኣዊ ሓበሬታ ኣፍደገ ረኺቡ ናብ ግሎባዊ ናይ ስራሕ ህዋ ክጽንበር ዕድል ምስ ተፈጥረሉ ዝፍጠር ኩነት እዩ፡’ ይብል። ቀልቢ ክፍጠር፡ ኣብ መጠን ዝፍጠር ሰፊሕ መርበብን ናይ ውስስእ ዝርገሐን ከም ዝምርኩስ የረድእ።

### 7- ፓንሳይኪዝም

እዚ ኣረኣእያ'ዚ፡ ‘ቀልቢ፡ ኣብ ሓንጎል ጥራይ ዝሕጸር ኩነት ዘይኮነ፡ ምስ ህላወ መሰረታዊ ምትእስሳር ዘሎዎ ኩነት እዩ’ ይብል። ብተወሳኺ፡ ደረጃኡ ይፈላለ እምበር ኩሉ ግዛዕ ቀልቢ ከም ዘሎዎ ይምጉት።

ተመራመርቲ ሳይንስ ኣብ ‘ቀልቢ’ ዝብል ዛዕባ ብዙሕ መጽናዕቲ'ኳ የካይዱ እንተ ሃለዉ፡ ዛጊት ዘዕግብ ውጽኢት ኣይረኸቡን። ሓደ ካብቲ ብድሆ ከኣ ቀልቢ ክዕቅን ዝኽእል ብልሓት ወይ መሳርሒ ስለ ዘይተዳህሰሰ እዩ። ቀልቢ፡ ብፍላይ ኣብ ካልኦት ፍጡራትን ኣብ ደረጃ ትሕተ-ንቑሕን ክትዕቅኖ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። በዚን ካልእን ምኽንያት፡ ተመራመርቲ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ሓደ ንኹሉ ከሰማምዕ ዝኽእል ክልሰ-ሓሳብ ክርዕሙ ኣይከኣሉን።

## ኣርተፊሻልዊ ቀልቢ ክመሃዝ ይኽእል ዶ?



ቀልቢ ፈለማ ብፈላስፋታት እዩ ተዳህሲሱን ፍልስፍናዊ ትርጉም ተዋሂቡዎን። ምስ ምምዕባል ሳይንሳዊ ምርምራት፡ ቀስ ብቐስ ባህርን ኣፈጣጥራን ቀልቢ ንምፍታሽ ብርክት ዝበለ ምርምራትን መጽናዕትታትን ክግበር ጀሚሩ። ሳይንሳዊ መግለጺ ቀልቢ፡ ተጨባጢ ትሕዝቶኡ ባይሎጅያዊ መሰረት ዘሎዎ ኮይኑ፡ ካብ ውስስብ መትናዊ መርበባት ዝፍጠር ኩነት እዩ። እዞም ንሰብ ዘመስልን ናይ ሰብ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ዘሎዎን ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ክምህዙ ዝፍትኑ ዘለዉ ተመራመርቲ፡ ቀልቢ ምምሃዝ ኣብ ግምት ከእትዉዎ ግድን እዩ። ነቲ ኣብ ሰብ ጥራይ ዝርከብ ቀልቢ ብኣርተፊሻላዊ መንገዲ ክምህዙዎ ይኽእሉዶ? ኣብዚ ዛዕባ ኣተኩረን ዝተጻሕፋ መጽሓፍቲ፡ ብልሓዊ ቀልቢ ንምምሃዝ ዝተፈላለየ ሜላታት ይእምማ።

1- ቀመራዊ ኣገባብ - እዚ ኣገባብ ተገንዘቦኣዊ ስርዓት ሓንጎል ብምጽናዕ፡ ንዕኡ ዘመሳሰል ቀመራዊ፡ ኣልጎሪዝም ወይ ፕሮግራም ክምሃዝ ከም ዝከኣል ይእምት።

2- ፊዚካዊ ኣገባብ - እዚ ኣገባብ ካብ ኣብ ሶፍትዌር ኣብ ሃርድዌር ብምድሃብ፡ ሓበሬታ ብኸመይ ይወሃሃድ፡ ኣብ ኣየናይ ደረጃ ናይ ምውስሳእ ውህደት ይፍጠርን ካልእን ብምጽናዕ ክካየድ ከም ዝኽእል ይእምም።

3- ባዮሎጅክያዊ ኣገባብ - እዚ ከኣ ልክዕ ንሓንጎል ዘመስልን ከም ሓንጎል ዝሰርሕን ሮቦት ምስራሓ ከም ኣገባብ ይእምም።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝኣቱ ኩሉ ፍርያት ተወሳኺ ቀረጽ ሰሊዑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ኩሉ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ፍርያት ናይ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ከተኣታቱ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ፡፡

እዚ ተወሲኑ ዘሎ ወሰኽ ቀረጽ፡ ካብ ዝመጽእ 5 ሚያዝያ ጀሚሩ ተግባራዊ ከምዝኸውን ከኣ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ምስ ኣመሪካ ንግዳዊ ልውውጥ ከምዘካይዳ ንዝተገልጸ መብዛሕትአን ናይ ቻይናን ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳን ዝሓቑፍ 60 ኣካላት ንግዲ "ዝኸፍኡ ገበነኛታት" ዝበሎን ትራምፕ፡ ካብ ካልኦት ናይ ንግዲ መሻርኽቲ ዝዛየደ ቀረጽ ክኸፍላ ምዃነን ገሊጹ ኣሎ፡፡

እቲ ንብዙሓት ተንተንቲ ኣሰንቢዱ ዘሎ ውሳኔ ኑቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ናይ ንግዲ መሻርኽታን ተፈጢሩ ዘሎ ንግዳዊ ኩናት ካብ ምብኣስ ሓሊፉ፡ ንዕበየት ኣመሪካ ዘዕትትልን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከባ ሃገራት ከኣ ናብ ቀጥባዊ ቅልውላው ዘሸምምን ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ፡፡



ትራምፕ ብረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ኣብ ልዕሊ ካብ ኣመሪካ ዝለኣኹ ዝተፈላለዩ ፍርያት ልዑል ቀረጽ ብምስላዕን ዝተፈላለዩ ንግዳዊ ማሕንቆታት ብምፍጣርን ንኣመሪካ ክዝምትኣ ከምዝጸንሓ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣድላዪ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

እዚ ተኣዊጁ ዘሎ ናይ ቀረጽ ወሰኽ፡ ክሳብ 2034 ኣብ ዘሎ ግዜ ናይ 2.2 ትሪልዮን ዶላር ንኣመሪካ ኣታዊ ከመንጭወላ ከምዝኽእል ድማ፡ ቤት-ጽሕፈት ባጀት እታ ሃገር ኣመልኪቱ፡፡

እቲ ሓድሽ ውሳኔ ንሜክሲኮን ካናዳን ግን ዝጸሉ ከምዘይኮነ ምምሕዳር ትራምፕ ኣሕሊፉ ኣሎ፡፡

## ሰራዊት ምያንማር ንግዚኡ ተኹሲ ደው ከብል ወሲኑ

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ምያንማር ድሕሪ ዘጋጠመ ህይወት ልዕሊ 3 ሽሕ ሰባት ዝቐዘፈ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ወተሃደራዊ መንግስቲ ህዚቢ ንምድሓን ዝሃቦ መግለጺ ኣጠንቂቑ ኣሎ፡፡

መራኸቢ ብዙሓን ምያንማር ኣብ ዝሃበኦ ዘለዋ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብታ ሃገር ብዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ



ዚግበር ጻዕርታት ንምቅልጣፍ ክብል ኑቲ ኣንጻር ዕጡቓት ተቓወምቲ ዘካይዶ ዘሎ ኩናት ንግዚኡ ደው ከብሎ ከምዝወሰነ ተሓቢሩ፡፡

እዚ ናብ ግዳያት ረድኤት ንምብጻሕ ዚግበር ጻዕሪ ንምቅላል ዓሊሙ ዝካየድ ዘሎ ግዜያዊ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ካብ ዝሓለፈ ረቡዕ ክሳዕ ዝመጽእ 22 ሚያዝያ ተግባራዊ ከምዝኸውን ተገሊጹ ኣሎ፡፡

ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት ሚያንማር፡ ኑቲ ብመንግስቲ ጥራሕ ተኣዊጁ ዘሎ ግዚያዊ ምቁራጽ ተጻብኦ ጥሒሶም መጥቃዕቶም ምስ ዝቕጽሉ ግን፡ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወሰደሎም ምዃኑ፡ እቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኣቢቱ 3,003 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 4,500 ድማ ከምዝቖሰሉ ይገልጹ፡፡

ቤት ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ሸዱሽተ ዞባታት ዚነብሩ ልዕሊ 28 ሚልዮን ነበርቲ'ውን ብኣሉታ ተጸልዮም ከምዝለዉ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ንመግቢ፡ መጸለሊ፡ ማይ፡ ጽሬትን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝውዕል 12 ሚልዮን ዶላር ሰሊዑ ምህላዉ ሓቢሩ ኣሎ፡፡

ደሆዎም ንዝጠፍኡ ኣማኢት ዜጋታት እታ ሃገር ናይ ምርካብ ተስፋ እናጸልመተ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ምድሓን ግዳያት ተዋፊረን ዘለዋ ጉጅለታት ህይወት ኣድሕን ብዘለዊ ዘለዎ ሬሳታት ይረኽብ ምህላወን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር የረድኡ፡፡

## ሓማስ፡ ንሓድሽ እማመ እስራኤል ግብረ-መልሲ ከምዘይህበሉ ሓቢሩ

ፍልስጤማዊ ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ብመንጎኛነት ግብጽን ቀጠርን ዝቐረበ እማመ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ደኣ'ምበር፡ ኑቲ እስራኤል ምስ ኣመሪካ ተማኺራ ዘዳለወቶ ሓድሽ እማመ ግብረ-መልሲ ከምዘይህበሉን ኣፍ ኣምበሉ ከምዘይሕወሰሉን ሓቢሩ፡፡

እዚ ብግብጽን ቀጠርን ቀሪቡ ዘሎ'ሞ ሓማስ ተቐቢልዎ ዘሎ ሓድሽ እማመ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ን50 መዓልታት ዝቕጽል ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 መዓልቲ ድማ ሓደ ኣመሪካዊ ዝርከቦም ሓሙሽተ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ናጻ ክልቀቑ፡ ብወገን እስራኤል ከኣ 2,250 ፍልስጤማውያን እሱራት ክፍትሑ ዝብል እዩ፡፡



እቲ እማመ ብተወሳኺ፡ ሰብኣዊ ረድኤት ናብ ቓዛ ክኣቱን እቲ ብወተሃደራት እስራኤል ተታሒዙ - ንሰሜንን ደቡብን ቓዛ ዘራኽብ 'ኔትዛሪም' ዝበሃል ቦታ ከኣ ክኽፈት ዝብሉ ነጥብታት'ውን ዘጠቓለለ እዩ፡፡

ኣብቲ ድሕሪ ናይ 15 ኣዋርሕ ደማዊ ውግእ ዝሓለፈ 19 ጥሪ ተግባራዊ ዝኾነ ቀዳማይ ክፋል ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ምልውዋጥ ብርክት ዝበሉ ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ እስራኤላውያንን ምልቃቕ ፍልስጤማውያን እሱራትን ከምዝተኻየደ ዝዝከር እዩ፡፡

## ቀ/ሚኒስተር እስራኤል ሃንጋሪ ይበጽሕ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብዝፍጸሞ ዘሎ ገበናት ኩናት ብኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣቱ ተወሲኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ሃንጋሪ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ምብጻሕ የካይድ ምህላዉ ተሓቢሩ፡፡

ሃንጋሪ መስራቲት ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ኮይና፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣቱ ንዝወሰነሉ ዝኾነ ሰብ ከኣ ክትኣስርን ኣሕሊፋ ክተረክቦን ግዴታ ኣለዋ፡፡

ይኹን እምበር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን ኑቲ ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ብይን ከምዘይኽብሮ እዩ ኣሕሊፉ ዘሎ፡፡

ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ድሕሪ እቲ ዝሓለፈ ሕዳር ንኽእሰር ዝወጸ ትእዛዝ፡ ሕጂ ንኻልኣይ ግዜኡ እዩ ናብ ወጻኢ ሃገር መገሻ ዘካይድ ዘሎ፡፡

እቲ መራሒ መንግስቲ፡ ዝሓለፈ ለካቲት'ውን ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንምርኻብ ናብ ዋሽንግተን ኣቕኒዑ ምንባሩ ይዝከር፡፡

እስራኤልን ኣመሪካን ኣባላት ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ከምዘይኮና እዩ ዝሕበር፡፡

እቲ ኣብ 'ዘ ሄግ' - ነዘርላንድስ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ፡ ሃንጋሪ ኑቲ ዘመሓላለፎ - ናታንያሁ ኣብ ዝኾነ ተታሒዙ ናብ ፍርዲ ክቐርብ ዝጠልብ ትእዛዝ ብምጥሓሳ ነቐፌታኡ ኣሰሚዑ ኣሎ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ሚኒስተር ጸጥታ ነበር የኣቭ ጋላንትን፡ ኣብ ውሽጢ ቓዛ ንዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ብምምራሕ ... ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዘለዉ በርጌስ ፍልስጤማውያን ዘገድሱ - ከም መግቢ፡ ማይን መድሃኒትን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ነገራት ብፍላጥ ከምዝኸልከሉ ድሕሪ ምርግጋጹ'ዩ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ልዕሊኦም ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ፡፡



እስራኤል ኑቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝቐረበ ክስታት "ፖለቲካዊ ድራኸ ዘለዎን ጸረ-ሴማውነት እተለዓዓለን" ክትብል ከምዝጸገቶ ይሕበር፡፡

## እስራኤል ኣብ ሶርያ ደብዲባ

ነፈርቲ-ውግእ እስራኤል ኣብ ርእሲ ከተማ ሶርያ - ደማስቆን ኣብ ዞባ ሓማን ደብዳብ ከምዝተኻየደ ተሓቢሩ፡፡

መንግስታዊ መደበር ዜና ሶርያ - ሳና ኣብ ዝዘርግሖ ዜና፡ እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተኻየደ ደብዳብ፡ ኑቲ ኣብ 'ባርዘህ' ዝተባህለ ቦታ ዝርከብ ማእከል ሱፍልጡታዊ ምርምርን ከምኡ ድማ ኑቲ ኣብ ከተማ ሓማ ዝርከብ መዓርፎ-ነፈርትን ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ገሊጹ፡፡

እስራኤል፡ እቲ ማእከል ሱፍልጡታዊ ምርምር ኣብ ምምዕባል ሚሳይላትን ኮሚካላዊ ኣጽዋርን ከምዝተጥፍ ክትከስስ ምጽንሓ ይፍለጥ፡፡

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ከተማታት ሓማ፡ ሖምስን ደማስቆን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት መጥቃዕቲ ከምዝተኻየደ ኣረጋጊጹ ኣሎ፡፡

ፕረዚደንት ሶርያ ነበር ባሻር ኣል-ኣሳድ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ካብ ስልጣኑ ካብ ዝኣለ ንደሓር፡ እስራኤል ኣብ ሶርያ ብኣማኢት ዝቑጸር ደብዳባት ከተካይድ ከላ፡ ናብቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዚቈጻጸሮ ኣብ 'ኈላን ሀይትስ' ዝርከብ መሬት'ኸ ነቓጣ ከኣ ወተሃደራት ከምዝዋፈረት ይግለጽ፡፡

ኣል-ኣሳድ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን እውን እንተኾነ፡ እስራኤል ንኢራንን ሕዝቦላህን ዒላማ ዝገበረ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ተካይድ ምንባራ ምንጭታት ይሕብሩ፡፡



ብመሰረት ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ሶርያ፡ እስራኤል ኣብዚ ዓመት'ዚ ጥራይ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ካብ 43 ግዜ ደብዳብ ኣካይዳ ኣላ፡፡

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጃልያ | 4/04/25 | ጎደና ሰኪይት ቁ. 84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565